
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.266 | ቀዳም 6 ሓምለ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ


ገጽ 5
ብጾዕርኻ ምግባር...


ገጽ 7
ክንሓስብ ቋንቋ የድልየና'ዶ?


ገጽ 11
ኣዱሊስን ኣስመራ በረንቲኖትን


## ማእከል - መደባት ምግራብን ምፍዋስ ማይ-ኩዖታትን ተገምጊሙ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብምውህሃድ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን - ኣብ 2023ን 2024ን ዝተሰላሰለ መደባት ምግራብን ምፍዋስ ማይኩዖታትን ብምግምጋም፡ ኣብ መደባት መጻኢ ዝዘተየ ርክብ፡ ብ3 ሓምለ ተኻይዱ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ ኣብ ዘሰምዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሓፈሻ ምግራብ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ምስሳን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ጠቒሱ፡ ኩሎም ተግበርቲ ኣካላት ብወህደት ክፀዱን ምቁጽጻርም ከሐይሉን ኣዘኻኺሩ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኮሎኔል ክንፈ ሃብተየም ድማ፡ ኣብላት ክፍላተ-ስራዊት 84፡ 31ን 29ን ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ - ኣብ ስራሓት ቅናታዊ ዛላታትን ኮትርታትን፡ ካናሌታት፡ መንገዲ ባቡርን ካልእን ንዘበርክትዎ ኣበርክቶ ሞጒሱ።

ኣብ'ዚ ክራማት እዚ ዝተኸሉ፡ ብደረጃ ዞባ ልዕሊ 2.5 ሚልዮን ፈልሰታት ኣግራብ ተዳልዩ ከምዘሎ ዝሓበረ ኮሎኔል ክንፈ፡ ንጉዳያዊት ዕዙዝ ተሳትፎ ክረአ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መደምደምታ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን፡ ብርሰት ኣግራብ ንምግታእ ዝቀየድ ጻዕሪ ክሕየል፡ ኣብ ልዕሊ ኣብረስቲ ድማ ተሪር ስጉምቲ ክውሰድ ብምልባው፡ ንቑሕ ተራ ሕብረተ-ሰብን ኣመሓደርትን ክዓዝዝ ተላቢዩ።






## ኣፍዓበት - ኣብ ኣተገባብራ መደባት ልምዓት ተዘትዩ

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ መደባት ልምዓት ብልዑል ተሳትፎን ወህደትን ህዝብን ሰራዊትን ንምስላሳል ዝዓለመ ዘተ ተኻይዱ።

ኣቦ'ቲ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢን ክኢላታት ሕርሻን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ክትግበር ተወጢኑ ብዝጸበ ዘሎ መደባት ልምዓት መብርሂ ተዋሂቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጃብ፡ ብዝሳትፎ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምጽጋን ጸርግያታትን መኣለዩ ወሓይዝን፡ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ምግራብ ክቅየድ ምጽንሑ ሓቢሩ።


ኣዛዚ ኣቦ'ቲ ከባቢ ናይ እትርከብ ኣሃዱ ሓይልታት ምክልኻል ኮ/ል ሃብተየም ከስተ ብወገኑ፡ መተባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ኣብ ዝካየድ ኩሉ-መዳያዊ ንጥፈታት ክሰተፉ ምጽንሖም ብምሕባር፡ እዚ ተተኺሉ ዘሎ መደባት እውን ብኣድማዕነት ንምትግባር ዝለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ ካልእ ዜና ናይ'ቲ ዞባ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ - ምምሕዳር ከባቢ ማሪት ዝተዋደደ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ርክኣት መሰረት ዜጋታት ዝምስረት ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሓምድ ሀመድ፡ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ምዕሩይ ዝርጋሐን ተጠቃምነትን ዘለዎ ኣገልግሎታት ቀረብ ማይ፡ ጥዕናን ትምህርትን ምስ ምብራኽ ንቕሓት - ኣብ መነባብሮኦም ማሕበራዊ ለውጢ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

### ተጋዳላይ መሓሪ ግርማይ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ መሓሪ ግርማይ ዘሚካኤል፡ ብ2 ሓምለ ኣብ መበል 68 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ 1974 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1983 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ መሓሪ ኣብ ክፍሊታት ቁጠባን ሕርሻን ከምኡ'ውን ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተመዲቡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ተጋዳላይ መሓሪ ግርማይ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሸሞንተ ደቂን እዩ።

ስነሰርዓት ቀብሩ፡ ብ3 ሓምለ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብመሰዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ መሓሪ ግርማይ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ ንስድራ-ቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሉ።

## ዲፕሎማሲ ልምዓት

ኤርትራ ወናሪ ብምጉብኣ ምስ ርጡባት መሰረታት ንምጽምማድ፡ ኣብ ንጡፍ ዲፕሎማሲያዊ ምንቅስቓስ ትርከብ።

ብዶግማ ጸጋታትን እምር ብልጫታትን "ኤርትራ ንወናሪ እተብህግ ሃገር'ያ" እንተተባህለ ምኽንያት ኣይሳእንን። ኤርትራ እትውንኖ ኩሉ ዝሓልሞ ቀንዲ ጸጋታት ንምድንጋጽ፦

1) ኤርትራ እትርከቦ ጂኦግራፊያዊ ከባቢ፡ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ቦታ ናይ ዓለምና'ዩ፡ ኣብኡ መተኒ ቁጠባዊን ንግዳዊን ንጥፈት ዝኾነ ሚድያ መተመር ዓለምና - ባሕሪ ኤርትራ (Red Sea) - ልዕሊ 1200 ኪ.ሜ. ገምገምን ልዕሊ 350 ደሴታትን ትውንን።

2) ኤርትራ ኣብ ኩሉ ጸላታት፡ ኣውራ ኣብ ዕደና፡ ሕርሻ፡ ጸጋታት ባሕሪ፡ ኣገልግሎት ወደባት፡ መዳግሂያን መራኸቢታትን ኢንዱስትሪን ቱሪዝምን ኣገልግሎት ፋይናንስ፡ ናጻ ዞባ ንግድን ካልእን ኹ ዘይተመዝመዘ ስራሕ ናይ ወናሪ ባይታ ዘለዋ ሃገር እያ።

3) ህዝቢ ኤርትራ፡ ትግሃት ኣብ ዘይብሮ መሰረት ተጸሚዱ እንከሎ ብዙሕ ዝኾነ ደቂ ብውድድ ዓቅሙ፡ ንወናሪን ቁጠባዊን ንግዳዊን ንጥፈታት ዓሚቝ ባይታ ዝፈጥር ትሕተቅርጺታት ኣብ ምውዳድ ቀሊል ዘይኮነ ዕዮ ኣሳሊጡ ይርከብ።

4) እቲ ካብ ኩሉ ዝዓበየ ጸጋ ህዝቢ ኤርትራ ብበረኸ ፖለቲካዊ ንቕሓቱን ስጡም ሃገራዊ ሓድነቱን ተሪር ፈተነ ሓሊፉ ዘውሓሉ ዘተኣማምን ወሸጣዊ ሰላምን ርግኣትን ልዑል ማሕበራዊ ሰናይን እዩ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኤርትራ ኣብ ዞባ ነወጽን ቅልውላውን በደሰት ሰላም እትምገበል ሃገር እያ።

5) ኤርትራ ምድርን ሰማይን ባሕርን ደሴታትን ዘቐሰን ኣብ ክፍና ብሉጽን ዝፋለጠ ሰራዊት ትውንን፡ ንብሳቱ ህዝቢታት ብግሆሻም ካብ ጸበብን ግምገዕን ፖለቲካ ተናገፈም፡ ብዘይ ሃገራዊ ትካላት ጸጥታን ምክልኻልን ሃገራዊ ሰላም ከውሕሉ ብዝሽማ እትደገፍ ርግኣትን ተመሳሳልን ጎደቦ ንምፍጣር ብዝወፈይት እትጽዕት ሃገር እያ።

6) ኤርትራ ኣዝዩ ጸሰራምን ህርኩትን ብልሒን ቴክኖሎጂ ክህሎትን ዘዓደለ ስራሕ ከምዕበለ ሃንቀ ዘለዎ ኣምባር ረድኤትን ምጽዋታን ዘይቕበል ትግሃ ህዝቢ ዝሰራ ሃገር እያ፡ ኣብ ምምሃር ዓቕሚ ሰብ ዘፍሰሰ፡ ዕድል ዜጋታት ዘመሓይሽ ትምህርታዊ ወናሪ ብሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሰፈረ ውዳቤ ሞያውነትን ዲሲፕሊንን ድማ ዝ ተሰዳልዳዊ ዝደርዕ ተወሰኺ ጸጋ ኮይኑ ኣሎ።

7) ኤርትራ ሰላማዊ ህዝብን ሃገርን ዝሰምዐ ንልምዓትን ምዕባለን ኣተወፈየ ሓላፍነታዊ መንግስቲ ዘለዋ ሃገር እያ፡ ባዶ ተጻዋርነት ንግዝበይና ብመንጽር ከውንት ኣህጉርና ኣብ ዘለዎ ቦታ ገንፎ ንዝረኣ ገበናት ስርዒን ብልሸውናን ብፍልኣትን ሎሞ ባሊ ዘይሰፈረለ ሃገር'ያ።

ሕጂ ዘይተላለፍ ድግማ ጸጋታት፡ ምስ ኤርትራ ዘለዎ ፍሉጥ ጂኦግራፊያዊ ፖለቲካዊ ማሕበራዊን ሕልፈታት፡ ንወናሪ ኣተወናውን ኣጻድ ዝኸውን ክኸውን ግዱ፦

- ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓን ኣየገልግል'ዩ ኢሎም ዝዓምሸወ ሓይልታት ብዘንደሰምን ዘገዳዶምን ሽጥጣትን ዕፀድ ዝቓለ ኣሉታዊ ኩናታትን ህድግዓስ ዘይብሉ ተቐቢሉ፡

- ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ንምንጻል ብፖለቲካዊ ዲፕሎማሲያዊን ተጸይሉ፡ እገዳታት፡ ዕንቃጸ ወፍርታት፡ ሸርሒ፡ ፍልልያትን ጽዑቕ ዘመተ ስደተኛን ንምድኻምን ዝተሰየ ዋዕ ብዙሕ ዕንወትን ሓሳርን ኣውሪዱ እዩ።

ዮጋስ ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ከዕቢ ንኹሉ ብጽንዓትን ብሉሒን ኣብ ፋሕ ደኽሪ ብጥበብ ብዘተቐመጦን ዝሰደቀሰ ኣብ ዝድረፈ ጸፍሒ ቅኑዕ ደሃቢ ሓራ መካኖሙ ኣውሒሊሱ ምስ ናጻ ህዝቢታት ዓለም ተሰሪዑ ኣሉ። ብሰረት ንሕሳዕ ኣልቦ ተጻዩት ዘይሰረረ ግዜን ዕድላትን ንምድዋስ ከኢላ ብዘወዓለ ኒሕን ንጋትን ልምዓታዊ ተጋድሎኡ ናብ ዝሓለ ኣንቀጽ ኣሉ። ኣብ ከማኢ ዓይንት ሃዋሁ፡ እቲ ከም ወጽኢት ዘይተጻዋደትት ዘውሓሉ ቅዱው ባይታ፡ ንዋቀሮት መሰረታት ዓቕሚ እዩ፡ ብርኩቱ ታፍኣ (Passion) ልምዓት ኣብ ዘለዎ ህዝብን ሃገርን ዝፈስስ ወናሪ ድማ ኣድማዕነቱን መኽሰቡን ንምምሃዝ፡ ኣጸሚዎ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

# ዜና

## ደቡብ - ቅነ ውዳቤታት መንእሰያት ተኻፊዱ




ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ዞባ ደቡብ፡ “ዕጥቅና ንቅሓት - ሓይልና ውዳቤ” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 29 ሰነ ክሳብ 2 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ ቅነ ውዳቤታት መንእሰያት - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ጉብለል ብምዃን ተዓዊታ።

እዚ ካብ 12 ንኡሳን ዞባታትን ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ዝተዋጽኡ ልዕሊ 300 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ቅነ፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ምህዞን ሰንዓን፡ ፍሉይ ክእለት፡ ስነጽሑፍ፡ ትልሂት፡ ቅብኣን ምርኢት ኣልባሳትን ዘጠቓለለ ኲዩ፡ መዘዞሚ ናይ’ቲ ካብ 22 ለካቲት ክሳብ 18 መጋቢት ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ ውድድራት እዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ፡ ማሕበር ንቅሓት መንእሰያት ክብ ንምባል ካብ ዘካይዶም መደባት፡ እቲ ዝሰፍሐን ዝያዳ ጽልዋ ዘለዎን ቅነ ውዳብታት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ከምዝስራሓሉ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ድማ፡ እቲ ቅነ ሄጂብራቕ ናይ’ቲ ኣብ መንእሰያት ዝሰርጽ ዘሎ ንቕሓትን ዝጥረ ዘሎ ብቕዓትን ከምዝኾነ ብምርግጋጽ፡ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ምትሕብባር ናይ ኩለን ኣካላት ከየንዘዘ ኣዘኻኺሩ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን እውን፡ እቲ መደብ ናብ ምምሕዳራት ከባቢ ወሪዱ ብዝሓየለ ክስራሓሉ ተላቢዩ።

## ጋሽ-ባርካ - መደባት ምግራብ ንምዕዋት ብውህደት ክስራሕ ተሓቲቱ

ጨንፈር በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ሎሚ ዓመት ክትግበር ተወጢኑ ዘሎ መደባት ምግራብን ምክንኻንን ንምዕዋት፡ ውህደት መሻርኽቲ ኣካላት መንግስቲ ክዓዝዝ፡ ብ28 ሰነ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ጸዊዑ።

ወከል ናይ’ቲ ጨንፈር ኣቶ ተኽስተ ክፍለማርያም ንዝተኻየደ ዘሎ ቅድመ-ምድላዋት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ዝትከል ኣስታት 850,000 ፈልሲታት 36 ዓይነታት ኣግራብ ተዳልዩ ከምዘሎ፣ ካብ’ዚ ድማ እቲ ኣስታት 78 ሚእታዊት መብቆላዊ ኣግራብ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

መደባት ምግራብ ንምዕዋት - ኣብ’ቲ ዞባ ዝርከብ መደበራት ፈልሲ ንዘጕብራኦ ዘለዋ ኣበርክቶ ዝሕኣደ ኣቶ ተኽስተ፡ ኩለን ኣካላት መንግስቲ ብሓፈሻ ሕብረተሰብ ድማ ብፍላይ፡ ከባቢኡ ናይ ምግራብን መተካእታ ዝተቘርጹ ናይ ምትካልን ልምዲ ከማዕብል ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ምትካል ፈልሲታት ክሳብ ርሑቕ ክበጽሕ ንዝተተኽለ ድማ ግቡእ ምክትታልን ንምጋምን ክግበረሉ ኣተሓሳሰበ።

## ሓመልማሎ - ዝናብ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሰበና - ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ብ25 ሰነ ዝወቐዐ ሓያል ህቡባ ዝተሓወሶ ዝናብ፡ ኣብ ጥሪትን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ሓደጋ፡ 39 ከብቲ፡ 16 ኣእዱግ፡ 2 ኣግማልን 28 ጤለ-በጊዕን ብውሕጅ ከምእተወሰዱ ሕርሻታት ከምእተደምሰሰን 35 ገዛውቲ ከምዝዓነወን - ደንጉዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ ገሊጹ።

## ኣብ ቤት-ትምህርቲ ላሳለ - ከረን መውዓሊ ህጻናት ተሰሪሑ

ኣብ ከተማ ከረን ኣብ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ላሳለ - ንመማህራንን ሰራሕተኛታትን ኣደታት ኲጎጥም ዝጸንሐ ብደሆ ንምቕላል ዝተሰርሐ መውዓሊ ህጻናት፡ ብ29 ሰነ ተመሪቑ።

እቲ ኣገዳሲ ንብረት እውን ዝሓዘ ክፍልታት፡ ንኣደማዕት ኣደታት ኣብ ስራሕ ሓጊዚ ኣስተዋጽኦ ክገብር ትጽቢት ይግበር።

ርእሰ-መምህር ሃብቶም ሃይሉ፡ እዚ ናብ ምምራቕ በጺሑ ዘሎ መውዓሊ ህጻናት፡ ኣካል ናይ’ቲ ንስራሕ ምቹእ ዝኾነ ሃዋህው ንምፍጣር ዝግበር ጻዕሪ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሓላፊ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ መውዓሊ ህጻናት - ኪኖ’ቲ ንኣዴታት ዝፈጥሮ ቅሳነት፡ ብፍቕሪ ዝዓበዩ ዜጋታት ኣብ ምህናጽ እወታዊ ተራ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ክስዕብኦ ዝግብኦ ተበግሶ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ጸር ጓል-ኣንስተይቲ ጸር መላእ ሕብረተ-ሰብ ምዃኑ ዘዘኻኸሩ እተን ኣዴታት መማህራን ብወገነን እቲ መውዓሊ ህጻናት ኣስተርሒየን ናብ ስራሐን ከተኩራ ዓቢ ደገፍ ከምዘለዎ ገሊጸን።

ብኻልእ ወገን ኣብ ከተማ ኣስመራ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ማይ-ተሰሩ፡ ዝጸንሓ ጸበብ ክፍልታት ንምቕላል ተወሰኽቲ ክፍልታት ተሃኒጹ - ብ30 ሰነ ተመሪቑ።

ርእሰ-መምህር ጸጋዝኣብ ዘናዝብርኤል፡ እቲ ክፍልታት ብኣበርክቶ ወለዲ፡ ውልቀ-ሰባትን መንግስታውያን ትካላትን ከምእተሰርሐ ገሊጹ።

## ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ልዕሊ 2.2 ሚልዮን ፈልሲታት ገረብ ተዳልዩ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ መደባት ምግራብ ናይ ሎሚ ዓመት ክረምት ዝትግበር - ኣብ 10 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝርከብ 11 መደበራት ፈልሲ፡ ልዕሊ 2.2 ሚልዮን ፈልሲታት ተዳልዩ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ወከል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ’ቲ ዞባ ኣቶ ገብረሚካኤል በርሀ፡ እቲ ፈልሲታት ናይ 34 ዓይነታት ኣግራብ ከምዝኾኑ፡ ንሱ ድማ - እቲ 72.5 ሚእታዊት ቀዋሚ ጥላሕ፡ 20.5 ሚእታዊት መብቆላዊ ኣግራብ፡ 7 ሚእታዊት ዘይመብቆላዊ ኣግራብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ብህዝቢ፡ ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ብተመሃሮ ክረምታዊ ልምዓትን ውልቀ-ገረብትን ከምዝትከልን፡ ኣስታት 896 ሄክታር ቀላጥ መሬት ክሽፍን ትጽቢት ከምዝግበርን ድማ ኣረዲኡ።

ዓመታዊ ካብ ዝዳሎ ፈልሲታት ኣግራብ፡ እቲ 60 ሚእታዊት ብውልቀ-ገረብቲ ከም ዝትከል ዝሓበረ ኣቶ ገብረሚካኤል፡ ዓድታት ኣብ’ቲ ዘመሓድራኦ ክሊ ዝርከብ ቀላጥ መሬት - ንግዱሳት ውልቀ-ገረብቲ ክህባኦ’ሞ ማስረሕ ዳግመ-ምግራብ ኣብ ምዕዋት ኣበርክቶኦን ከዕዝዛ ተላብዩ።

ሓለፍቲ ዝተፈላለያ መደበራት ፈልሲ ብወገኖም፡ ጉዳይ ሓለዋ ብዙሓት ናይ ዝትከል ኣግራብ ክሳብ ሕጂ ውሑስ ስለዘይኮነ ዝምልከቶ ኣካል ቁላሕታ ክገብረሉ ኣዘኻኺሮም።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

## ስነ-ቁጠባ

# ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ

ነማርያም ዮሃንስ
ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓት

"ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ - ምትእስሳር ምስ ሞዴል ልምዓት ኮርያ" (Re-inventing Africa's Development –Linking Africa to the Korean Development Model) ዘርእስታ መጽሓፍ ብጆንግ ዳኢ. ፓርክ ዝተባህለ ኮርያዊ ዲፕሎማት ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ 2019 ዝተሓትመት እያ። እዛ መጽሓፍ'ዚኣ፡ ሓደጊ መግዛእቲን ዝቖጸል ዘሎ ሕሰም ኣፍሪቃን፣ መሰረታዊ ጠንቂ ድሕረት ኣፍሪቃ፣ ዝተረስዐ ተልእኾ ምህናጽ ሃገር፣ ምንዳይ ዝጠፍኡ መላግቦታት ልምዓትን ትምህርቲን፣ ተመኩሮ ልምዓት ኮርያ ዝብሉ፣ ኣርእስተ ሓሳባት ዝሓዘት እያ። ጸሓፊ፡ ዲፕሎማት ኮይኑ ልዕሊ 30 ዓመታት ዝተዓዘቦ ናይ ኣፍሪቃ ተመኩሮ ምስ ናይ ሃገሩ ተመኩሮ ልምዓት ብምንጽጻር ዝጸሓፋ እያ።

ሓጺር ድሕረ-ባይታ መግዛእቲን ሓደጊታቱን

ንፍተዎ ንጽልኣየ፡ ታሪኽ መግዛእቲን ሰንብራቱን ኣብተን ናይ መግዛእቲ ተመኩሮ ዘሕለፉ ሃገራት ምትእስሳር ኣለዎ። ኣብ መስርሕ ልምዓት ግዙኣት ዝነበራ ሃገራት ከኣ ክገሰ ዘይክእል መዛተዊ ጉዳይ ኮይኑ'ዩ። ከምዝፍለጥ ዳርጋ ኩለን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዓለም ብሓደ ወይ ብኻልእ መልክዕ ብመግዛእቲ ዝሓለፋ እየን። ኣብ ኣፍሪቃ ብፍላይ ጽልዋኡ ብዙሕ ሳዕቤን ኣኸቲሉ እዩ። እቶም ብመግዛእቲ ዝሓለፉ ህዝብታት ብኸመይ ንተመኩሮ መግዛእቲ ይርእይዎ? ዝምድናኦም ምስ ናይ ቀደም ገዛእቲ እንታይ መልክዕ ይሕዝ? ዝነበረ መግዛእታዊ ሕጊ ብኸመይ ይስዕብዎ? ምስ ካልኦት ረቛሕቲ ተደሚሩ ዝትኣትን እዩ። ከንዲ ዝኾነ ንሓንቲ ኣብ ምምዕባል እትርከብ ሃገር ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታኣን ዝቖጸለ መስርሕ ህንጸት ሃገርን ምርዳእ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ዋላ'ኳ ከተማታት ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ ብናህሪ ብዓውለማ እንተተጸልዋ፡ ኣብ ብዙሕ መዳያት ዘሎ ዝምባለን ኣጠማምታን ምስ ሕሉፍ መግዛእቲ፡ ታሪኻዊ ምትእስሳር ኣለዎ። እዚ ምትእስሳር'ዚ ገና ቀጻሊ'ዩ ዘሎ። ብዙሓት መራሕቲ ኣፍሪቃ፡ ብምዕራባውያን ምስ ተብደሁ ብዙዕባ ሓደጊ መግዛእቲ፡ ሓዲሱ-ሃጸይነት፡ ብድዐ ምዕራባውያን፡ ተጻብኦ ምዕራባውያንን ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ምዕራባውያንን ክዛረቡ ይሰምዑ እዮም። እዚ ፖለቲካዊ መግለጺታት'ዚ ከም ርትዓዊ መግለጺ. ሓድነት ኣፍሪቃውያን ክውሰድ ይኽእል ይኸውን።


ጽልዋ ዓብይቲ ምዕራባውያን ሓይልታት ናይ ብሓቂ ብዙሕ ሳዕቤን ነይሩዎ እዩ። እምብራጦርያ እንግሊዝ ኣብ 1921 ጥርዚ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን፡ ሓደ ርብዒ ስፍሓት መሬትን ብዘሒ. ህዝቢ ዓለምናን ይሸፍን ነይሩ። ግዝኣት እንግሊዝ 4.6 ቢልዮን ብዝሒ ህዙብን 37 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜተርን ይሸፍን ነይሩ። ፈረንሳ እታ ካልእ ደርማስ ገዛኢት ነበር፡ 56 ኣባል ዝለዎ ፍራንኮፎን ብምግዛእ ትምካሕ ዝነበረት እያ። ከምኡ'ውን ዝበዝሓ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ስጳኛ እየን ዝነበራ። ኣብ 19ን 20ን ክፍለ ዘመን ብዘይካ እዘን ዝተጠቕሳ ሰፊሕ ግዝኣት ዘውንና ካልኦት መግዛእታውያን ሓይልታት እውን ነይረን እየን።

ጽልዋ ምዕራባውያን ብመንጽር ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ትካላት ከምኡ'ውን ባህልን ዘመናዊ ኣተኣብራን ድሕሪ መግዛእቲ እውን ኣብቲ ዝተረፈ. ክፋላት ዓለም ዓብላሊ. ኮይኑ ቀጺሉ እዩ። ሽሕ'ኳ ካልኦት ብዙሓት ተዋሳእቲ ኣብ ኩሉ ዞባታት ክህልዉ. ባህርያዊ እንተኾነ፡ እዚ. ጽልዋ'ዚ. ገና ኣብ ትሕቲ ዓውለማ ይቕጽል እዩ ዘሎ። ኣብ 19 ክፍለ ዘመን፡ ኣፍሪቃ ግዳይ ኩለንተናዊ ምዝመዛ ምዕራባውያን ሓይልታት ኮይና እያ። ካብ 15 ክፍለ ዘመን ጀሚራ ብቐጻሊ. ብዝሒ. ህዝቢ ዝዓቢ. ዝነበረ ኤውሮጳ፡ ናይ ሕርሻ መሬት፡ ናይ መግቢ ጸዓትን ጠለብ እናወሰኸ ይኸይድ ነበረ። ከምኡ'ውን ተላባዒ. ሕማም፡ ኩናትን ምዝመዛ መራሕትን ወሰንቲ መሬትን ንህዝቢ ኣብ ጸገም ኣውዲቕዎ ነበረ። እዚ. ኩነታት'ዚ. ከኣ'ዩ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ስግር ባሕሪ ናብ ዝርከብ ሃብቲ ክጥምታ ዝደረኸን።

ናይ ኤውሮጳ ውሱን ዝሕረስ መሬትን ባህርያዊ ጸጋን፣ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ዝዓርግ ዝነበረ ቅልስን ውድድርን፡ ህርፋን ሃብትን ስልጣንን፡ ኤውሮጳውያን ሃገራት ካብ ኣህጉረን ወጻኢ. ዓመጽ ክፍጽማ ደሪኹወን እዩ። ኣብቲ መሬት ንምስፍሕፋሕ ዝግበር ዝነበረ ናይ ዳህሳስ ጉዕዞታት ከኣ፡ ኣህጉር ኣመሪካ ተረኺበት፣ ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ እውን ዚያዳ ተጸንዐ። ተልእኾ ምዕራባውያን ናብ እስያ ብቐንዱ ዕዳጋ ንምርካብ እዩ ነይሩ። ናይ ኣፍሪቃ ተልእኾኦም ግን ኣብ ሕርሻ ዘገልግልዎም ጉላዩ ንምእካብ ዝዓለመ ነበረ።

ኣብ ላቲን ኣመሪካ እቶም ዝሓየሉ ነገስታት ኣዝተክን ኢንካን ኣብ 15 ክፍለ-ዘመን ኣብ ዝዓንበቡሉ እዋን ብስጳኛውያን ዳህሰስቲን መስፋሕፋሕቲን ተወሪሮም ከም ሕሱም ተዓብሊሎም። ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ እውን ቀዳሚ መግዛእቲ ምዕራባውያን ብዘይካ'ቶም ናይ ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሃገራት ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ ብዙሓት ነገስታት ከምዝነበሩ ይፍለጥ። ዝበዝሑ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝነበሩ ክኾኑ እንከለዉ. ካልኦት እውን ኣብ ማእከላይ፡ ምብራቕን ደቡብን ኣፍሪቃ ዝነበሩ እዮም። ካብቶም ፍሉጣት ዝነበሩ ነገስታት፡ ንግስነት ጋና፡ ንግስነት ማሊ፡ ንግስነት በኒን ንግስነት ሞሲን… ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ባህሪ ኤውሮጳውያን ወረርቲ ኣብ እስያ፡ ኣፍሪቃን ኣመሪካን ዝፈላለ'ኳ እንተነበረ ሓደ ናይ ሓባር ረቛሒ. ግን ነይሩዎ። ኩሎም ኤውሮጳውያን ወረርቲ፡ በቲ ዝነበሮም ጸብለልታ ኣጽዋርን ናይ ምውጋእ ክእለትን ብወተሃደራዊ ሓይሊ. ወራር ምኽያድ፡



ብሓይሊ. ብረት ንግዲ ምኽያድ፡ ብኣስገዳድ ውዕል ምፍጻም ዘተግብሩ ዝነበሩ እዮም። ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ከኣ፡ መዝሙዚ. ባህሪ ምዕራባዊ ዕንደራ ሰማይ ዓሪጉ ድላዮም ክገብሩ ናብ ዝኽእልሉ ደረጃ በጺሖ። ብፍላይ ኣብ እስያ ብሓይሊ. ሓሺሽ ክሸጡ፣ ምፍርራሕ ዝተሓወሶ ፖለቲካዊ ልዝብ (ጋንቦት ዲፕሎማሲ) ክፍጽሙ ተራእዮም።

ኤውሮጳውያን፡ ሃብቲ፡ ሓይልን ስልጣንን ንምኽዕባት ዕላማ ዝገበሩወን ኣህጉራት እስያ፡ ኣፍሪቃን ላቲን ኣመሪካን (እንተላይ ካሪብያን) እየን። እዘን ኣህጉራት፡ ኣብቲ ዝዓቢ. ዝነበረ ዲናሚክ ኣህጉራዊ ንግዳዊ ስርዓት ንሓድሕደን ዘተኣሳስራ ነበራ። ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ዝካየድ ዝነበረ ንግዳዊ ንጥፈታት ቀዳሚ. ፖርቱጋል፡ ዝርላንድ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን ናብቲ ቦታ ምኻዶም ብቶም ዞባውያን ሓይልታት ናይ እስላም፡ ህንድን ቻይናን ይካየድ ነበረ። ባህርያዊ ዕደና ወርቅን ነሓስን ካልእን ኣብ ቻይናን ህንድን ተኣታትዩ ነበረ። ካብዘን ሃገራት ከኣ ዓለባን ካልኦት ኣቑሑን ናብ ጎረባብቲ ዞባታት ይለኣኽ ነበረ። ገለ ኣቑሑ ከም ጡጥ ዝኣመሰለ ክንጸ ምብራቕ ኣፍሪቃ ክሳብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ይበጽሕ ነበረ።

ኣብዚ. መስርሕ'ዚ፡ እምብራጦርያ ምዕራባዊ ዓለም ኣህጉራዊ ንግዳዊ ስርዓት ኣቖመ። ሓደ ኣብነት ናይዚ. ንኡስ ስርዓት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ደቡብ ኣመሪካን ካሪብያንን ዝተመስረተ ስርዓት ሕርሻ እዩ። ኣብ 17 ክፍለ ዘመን ዝተቐልቀለን ኣብ 18 ክፍለ ዘመን ዝተዛዘመን፡ ዓለማዊ ኣትላንቲክ ምስ ክልተ ሰለሳዊ ስርዓት ንግዲ ዘተኣሳሰረ ነበረ። እቲ ብዚያዳ ዝፍለጥ ዝነበረ ግን ንእንግሊዝ፡ ኣፍሪቃን ኣመሪካን ዘተኣሳስር ዝነበረ ስርዓት ንግዲ እዩ። ሰደድ ቃንጫ ሽኮር፡ ሓርነምን ዓሳን ካብ ኣመሪካ ናብ እንግሊዝ፣ ዝተሰንዐ ኣቑሑ ካብ እንግሊዝ ናብ ኣፍሪቃ ብለውጢ. ጉላዩ ይለኣኽ ነበረ። እቶም ጉላዩ ድማ ናብ ኣመሪካ ይሸየጡ። እቲ ካልእ ስርዓት ንግዲ፡ ሰደድ ማስተ 'ሪም' ኮይኑ ካብ ግዝኣት እንግሊዝ ዝነበረት ሰሜን ኣመሪካ ብለውጢ. ጊላታት ናብ ኣፍሪቃ ይለኣኽ ነበረ። እቶም ኣፍሪቃውያን ጉላዩ ከኣ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈት ከገልግሉ ናብ ካሪብያን ይለኣኹ ነበሩ። ኣብዚ. ሕርሻታት'ዚ. ዝፈረየ ቃንጫ ሽኮር፡ ካብ ካሪብያን ናብ ሓዳስ እንግሊዝ (ሰሜን ኣመሪካ) ይለኣኽ ነበረ። ብኸምዚ. ዓይነት ኣህጉራዊ ስርዓተ ንግዲ ድማ መራሕቲ ናይተን ግዝኣታት ዘይተኣደነ ሃብቲ ክጥርዩ ከኣሉ።

ከምዚ. ዝኣመሰለ ገዚፍ ንግዲ. ጉላዩ ብዘይሕከከትን ብቀጻልን ንዘመናት ክካየድ ምኽኣሉ ኣብ ሎሚ ኮይንካ ክትረኦ ዘገርም ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኮይንካ ክትሓስቦ ከለኻ ግና ከማኻ ደቂ-ሰብ ክትሸይጥን ክትምዝምዞን ዘይልሙድ ነገር ኣይነበረን። ቀዳሚ ንግዲ ጊላታት ስግረ-ኣትላንቲክ፡ ኣብ ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ ብብዙሓት ነገስታት ኣፍሪቃ ንግዲ ጉላዩ ይካየድ ነይሩ'ዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነ ጊላነት ኣብ ታሪኽ ዓለምና ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ልሙድ'ዩ ነይሩ። ጊላ ምኻን ሕብሪ ቆርበት ዝፈሊ. ኣይነበረን። እቲ ጊላ ዝብል ቃል ንባዕሉ ካብ 'ስላቭ' ዝብል ቃል (ኣብ ማእከላይን ምብራቕን ኤውሮጳ ዝርከቡ ዓሌት ህዝቢ.) ዝወጸ ኮይኑ፣ እዞም ህዝቢ. ኣብ ማእከላይ ዘመን ብወረርቲ ሓይልታት ብብዙሕ ቁጽሪ ካብ መበቆል ቦታኦም ብሓይሊ. እናተወስዱ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ስራሕ ከገልግሉ ዝተሸጡ እዮም።

ኩናት ከፈትካ፡ ብሓይሊ. ወረርካ መሬት ምሓዝ ነውሪ ኣይነበረን። ድኹም ብሓያል ክውረር፣ ብኻልእ ኣዘራርባ 'እቲ ዝሓየለ ይንበር' ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ ኣብ ኣተሓሳስባ ኤውሮጳውያን ቅቡል'ዩ ነይሩ። ምምዕባል ዘመናውያን መንግስታት ኣብ ኤውሮጳ ድማ ነቲ ካብ ቀደም ዝጸንሐ ቅልስ መለሱ ኣብኢስዎ። ጫፍ እቲ ምትህልላኽ ከኣ፡ ነቶም ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ዝተኻየዱ ክልተ ኩናት ዓለም ኣስዒቡ። ናይ ምዕራባውያን ሃጸይነትን መግዛእትን ኣብ ታሪኽ ክግለጽ ከሎ፡ ሰቦት ምናልባት ምዕራባውያን ኣብ ልዕሊ. ካልኦት ህዝብታት ዝፈጸምዎ ከቢድ ሓጥያት ገይሮም ክርእዩዎ ይኽእሉ እዮም። ይኹን'ምበር ኣብዚ. እዋን'ዚ. ከም ውህብ እንወስዶ ዘሎና 'ሰብኣዊ መሰል' ዝበሃል ኣህጉራዊ ልምዲን ክብሪን ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣይነበረን።

ብናይ ሎሚ ኩነተ ኣእምሮ፡ 'ሃጸይነት' ዝብል ቃል ኣሉታዊ ትርጉም እዩ ዘለዎ። ሰሰዐን ምዝመዛን ምግባትን፣ ድኹም ብሓያል ክውረር እዩ ዘመልክት። እንተኾነ እቶም ኣብ ጥንቲ ወይ ማእከላይ ዘመን ዝነበሩ ነገስታት፡ ከምቲ ዳሕራይ ዝሰዓበ ሰፊሕ ኩናት ከካይዱ ዝኽእሉ ብዘይምንባሮም ርግኣት ኣብ ምርግጋጽ ሓገዝቲ ነይሮም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ምስ ምብዛሕ ቁጽሪ ህዝቢ. ግን፡ እቶም ድሓር ዝመጹ ፖለቲካውያን ኣካላት ወይ መንግስታት፡ ነቲ ዝነበሮም ውሱን መሬትን ባህርያዊ ሃብትን ክዕብዩ ይግደዱ ብምንባሮም፡ ኤውሮጳውያን ሓድሕዶም ኣብ ምውድዳርን ምግርጫውን ክጽመዱ ግድን እዩ ነይሩ፡፡ብዚ. መንጽር'ዚ. ክትርእዮ ከለኻ መንግስታት ኤውሮጳ ናብ ክልኦት ኣህጉራት ምስ ኣስፋሕፍሐ ናይ ኤውሮጳ ውሽጣዊ ግርጭት ክዓርፍ ነይሩዎ። ግን ኣይዓረፈን።

ኣብ 15ን 16ን ክፍለ ዘመን ፖርቱጋልን ስጳኛን ሓደስቲ መንገድታት ባሕርን ባህርያዊ ሃብትን ብምድህሳስ ስግር ባሕሪ ዝርከብ መሬት ካልኦት ህዝብታት ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ከእትዉ. ከኣሉ። ዝርላንድ፡ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ በልጅዩምን ጀርመንን እውን ተመሳሲ. መገዲ. ተኸቲለን። ድሕሪ ወረር ኣህጉራት እስያን ኣመሪካን ድማ ተራ ኣፍሪቃ ኮይኑ። ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለ ዘመን ምምቕቃል ኣፍሪቃ ብኤውሮጳውያን ሓይልታት ኣኸቲሉ። ናይ 1894 ብዋዕላ በርሊን ዝተወሰነ ኣመዳድባ ግዝኣታት ኣብ መንጎ ገዛእቲ ሓይልታት ከኣ፡ እዚ. ኣፍሪቃ ሕጂ. ሒዛቶ ዘላ ፖለቲካዊ ካርታ ዝሓንጸጸ ነበረ። እዚ. ናይ 19 ክፍለ ዘመን መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመን ምስፍሕፋሕ መግዛእቲ ከኣ ሓድሽ ሃጸይነት ተባሂሉ ይጥቀስ።

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ሃለው ቀልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ጨፈራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:50 | መልሲ. ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ዳረት ቃና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:13 | ረብዓት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ቴክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቃምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ብኸመይ ከረድኣ?

ደዋሊ፤ ሄለው ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድየ ደዊለ?

ኣማኻሪት፤ ኣይተጋገኻን ጽቡቕ ኣለኻ፣ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ። መን ክብል?

ደዋሊ፤ ኣሮን እበሃል፣ ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፤ ሕራይ ኣሮን እንታይ ክሕግዘካ?

ደዋሊ፤ ዋእ፡ ብምንታይ ከም ዝጅምረልኪ እንድዩ ጠፊኡኒ።

ኣማኻሪት፤ ኣጆኻ፡ ርግእ ኢልካ ሓሳብካ ግለጸለይ።

ደዋሊ፤ ወዲ 35 ዓመት ኮይነ፡ ድሕሪ ወርሒ መርዓ ሓሲበ ኣለኹ። እታ መናብርተይ ክትኮነኒ ዝሓረኽዋ ጓል ሄዋን ከኣ 22 ዓመት መሊኣ ኣላ። ብዛዕባ መጻኢና ኣቓዲምና ተዘራሪብና'ኳ እንተኾንና፡ ኣብ ምድላዋት ናይ መርዓ ግን ኣይግድን ኮይናትኒ።

ኣማኻሪት፤ ኣይሓዝኹኻን ከተብርሃለይዶ?

ደዋሊ፤ እንታይ መሲልኪ፣ ኣይትሓዝለይ ደኣ'ምበር እዘን ኣሕዋትና ካልእ ክትብላ ጸኒሕክን መርዓኽን ምስ ኣተወ 'ግድን ሰብ ዝገበሮ ክገብር ኣለኒ' በሃልቲ ኮንክን። ሓደ ሓደ ግዜስ ዓቕምን ድሩትነት ናይ መጻምድትኽን ዘይተስተውዕላ እናኾንክን።

ኣማኻሪት፤ ከመይ ማለትካ ኢኻ ኣሮን?

ደዋሊ፤ ጁባ ሰብኡትክን ኣይትርእያን ኢኽንዶ ክብለኪ፣ ኣረ ገሌኽንሲ ገንዘብ እንተ ዘይጠፍአ ኢኽን ትሓማ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ግዜ መርዓ። ይቕሬታ ደኣ ይልክመኪ ኣለኹ እምበር፡ ኣቲ ገሊኤን እኮ፡ መርዓኣን ዘይተኣደነ ወጻኢታት ጌረን እንተ ዘይኣሕሊፈንኦ፡ መርዓ ኮይኑ ዘይስመዖን ኣለዋ።

ኣማኻሪት፤ ኣሮን፡ ሕጂ'ውን እቲ ዘየሰማምዓኩም ጉዳይ እንታይ ምዃኑ'ኮ ኣይነገርካንን። ተረዲኡካ እንተ ኾይኑ፡ ምስ መጻምድትኻ ኣብ ምድላዋት መርዓ ዘይተሰማማዕኩም ትመስሉ። ልክዕ እንተ'ለኹ እንታይ ይኸውን እቲ ጠንቂ?

ደዋሊ፤ ቀድሚ መርዓ ዝግበር ድግስዶ ክብሎ፣ ናይ ስእሊ መደብ ኣጋፊሕካ፡ ምስ መሓዙታ ንበይና እተሕልፎ ጽምብል ( Pre-Wedding፡ Bridal Shower) እናበልካ ዘይነበረ ነገር፡ ሰብ ስለ ዝገበሮ ጥራይ ክትገብሮ ምፍታን፡ እሞ ድማ ካብኡ እንኸስቦ ነገር ዘየለ። ነዚ እንተ ዘይገበርኩ'ያ ትብል።

ኣማኻሪት፤ ኣሮን፡ ብመጀመርያ ንኹለን ደቂ ኣንስትዮ ኣሕቢርካ ምግላጽ ግቡእ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ዓይነት ሓሳብን ርድኢትን ክህሉ ስለ ዘይክእል። ከምቲ መልክዕናን ሕብርናን ዝፈላለ፡ ሓሳባትና ክፈላለ ባህርያዊ ስለ ዝኾነ። እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ገለ መጻምድቲ ንረኣዮ'ለይ ስምዑለይ ገንዘቦም ከባኽኑ እንከለው፣ ገለ ድማ ዝሕሾም ብምስትብሃል ብጽብብ ዝበለ ኣገባብ ብምሕላፍ፡ ንቐጻሊ ናብርኦም ዝኾኖም ዘተራኽቦ ኣለው። እዚ ድማ ሓደ ወገን ጥራይ ዝሕመየሉ ኣይመስለንን። ይኹን'ምበር ሓባርዊ መርገጺ ወሳኒ'ዩ። እሞ፡ መጻምድትካ ምስ መን ኢኻ ትምድባ ዘለኻ?

ደዋሊ፤ ኣይ! ኣየነይቲ ጓል ኣንስተይቲ'ያ ወደይ መርዓኣ ኣጽቢባ ከተሕልፍ እትደሊ። ምናልባሽ ገለ ዕሽር እንተ ተረኺባ እምበር።

ኣማኻሪት፤ ኣሮን፡ ብዛዕባ መጻኢኹም ኣቓዲምኩም ከም ዝነበርኩም ነጊርካኒ ጸኒሕካ። ገለ ካብቲ እትዘራረብሉ ዝነበርኩም ኣዕልለኒ?

ደዋሊ፤ ብዙሕ ኢና ንዘራረብ ነይርና። ሓፈሻዊ ክንደማመጽ ከም ዘለና፡ ሰብ ኢሉና ዘይኮነ ባዕልና ንነገራት ኣረጋጊጽና ክንኣምን ከም ዘለና፡ ብሓፈሻ ኣብቲ እንምስርቶ ሓዳር፡ ጣልቃ ናይ ዝኾነ ሰብ ዕድል ንኸይንህብ፡ ገለ ካብቲ ንዛራረበሉ ዝነበርና'ዩ።

ኣማኻሪት፤ ንኣገባብ ጽምብል መርዓኹም ዝምልከትከ ትዛራርረቡ ነይርኩምዶ?

ደዋሊ፤ ንጽምብል ዝምልከት ደኣ'ሞ ናይ መዛወርን ካልእን ኣበይ ይኹን ካብ ምባል ሓሊፍና ጥልቕ ኢልና ኣይተዘራረብናን፣ ብፍላይ ከኣ ብዛባዕ እዚ ጉዳይ ብሰፊሕ ኣይተዘራረብናን። ንሳ'ውን ከምዚ ኣቓዲምና ዝጠቐስናዮ ድግስ ክትገብር ምዃና ኣይሓበረትንን። ንምንታይ ደኣ ኢለ ኣብ ዝሓተትኩዋ'ውን "እዚ ደኣ'ሞ ርዱእ እንድዩ፣ ኩለን መርዑት እንድየን ከምኡ ዝገብራ፡" ዝብል እዩ ነይሩ መልሳ።

ኣማኻሪት፤ ኣሮን፡ ሓደ ሓደ ግዜ ናብ ዓበይቲ ጉዳያት ብምድሃብ፡ ንኣሸቱ'ዮም ወይ ውሁብ ገይርና ንወስዶም ነገራት ሰኣን ብዕምቆት ምልዛብ ኣብ መደባትና ዕንቅፋት ክፈጥሩልና ይረኣዩ'ዮም። ትሰምዓኒዶ ኣለኻ?

ደዋሊ፤ እው፡ እሰምዓኪ ኣለኹ። እነሀለ እንዶ ኣይ ብዛዕባኡ ስለ ዘይተመያየጥና እንዲና፡ እንተ ዘይገበርኩ ትብል ዘላ። ደሓር ከኣ መሓዙተይ ዝገበራኦ እንተ ዘይገበርኩ ምባልከ እንታይ ማለት'ዩ።

ኣማኻሪት፤ ሰባት ነናትና ኣተሓሳስባን ኣመለኻኽታን ክህልወና ይኽእል'ዩ። ምጻምድትኻ ጽቡቕ ኮይኑ ዝተራእያ ክትገብር ትደሊ ስለ ዘላ ግን፡ ኣብ ክንዲ ከመይ ኢላ ነዚ ሓሳብ ትሓስቦ ምባልን ምቕጣዕን፡ ብኸመይ የረድኣ ኢልካ ክትሓስብ ይሓይሽ።

ደዋሊ፤ ኣይ ንሱ እንድዩ ሓርቢትኒ ናባኺውም ዝድውል ዘለኹ። ብኸመይ ከም ዘረድኣ ጠፊኡኒ።

ኣማኻሪት፤ ንስኻኸ ኣብዚ ጉዳይ ጁባኻ ስለ ዝሓጸረካ ዲኻ ወይስ ብመትከል ንውራይ ኢልካ ዘይተኣደነ ገንዘብ ምጥፋእ ኣየድልን ኢልካ ስለ እትሓስብ ኢኻ ትቃወም ዘለኻ?

ደዋሊ፤ ኩሉ ሓደ። ደሓር ከኣ ገበርዎ ኢልካ ዘይኮነ፡ ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ እዩ።

ኣማኻሪት፤ ስለዚ፡ ሕጽረት ገንዘብ እንተ ዘየለ ኣግፊሕካ ምግባሩ ኣይትጸልእን ማለት ድዩ?

ደዋሊ፤ ማለተይሲ እኹል ትሩፍ እንተ ዝህልወኒ ደኣ'ሞ ሽሕ'ኳ ነዚ ጽምብል ኣይደግፎ፡ ንናታ ሓጐስ ክብል ግን ሸለል ምበልክዋ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ኣማኻሪት፤ ኣሮን፡ እንተ ደኣ ኣዘራርባኻ ተስተብህለሉ ኣለኹ፡ እኹል ትሩፍ እንተ ዝህልወካስ ሸለል ምበልክዋ ኢልካኒ። ስለዚ፡ ሕጽረት ዓቕሚ ደኣ'ምበር፡ ካብ ውሽጥኻ ዝኣመንካሉ ኣይትመስልን። ምናልባት ኣስተብህሎኻ፡ ኣብ ሕጽረት ገንዘብ ጥራይ ብምትኳር፡ ንመጻምትኻ ረብሓታቱን ጸገማቱን ብግልጺ ዘየእመንካያ ከይትኸውን። እስኪ ክሓተካ ኣሮን፡ ሰራሕተኛታት ድኹም?

ደዋሊ፤ ኣነ 12 ዛዚመ ነጥቢ ስለ ዘየምጻእኩ ን2 ዓመት ዝኣክል ሞያዊ ስልጠና ድሕሪ ምቕሳም ተመዲበ እሰርሕ ኣለኹ። እዛ መጻምድተይ'ውን 12 ክፍሊ ዛዚማ ንሳ'ውን ነጥቢ ስለ ዘየምጽአት ተመዲባ ትሰርሕ ኣላ። ስለዚ ክልቴና ወርሓዊ ደሞዝ ኣሎና።

ኣማኻሪት፤ ኩነታት መነባብሮኹምከ ከመይ ኢኹም?

ደዋሊ፤ ዋእ! እንታይ'ሞ ክብለኪ'የ። ማለተይ ክልቴና ማእከላይ መነባብሮ ካብ ዘለዎም ስድራ ኢና።

ኣማኻሪት፤ በል ኣሮን፡ ቅድሚ ንመጻምድትኻ ከተረድእ ምፍታንካ፡ 'እኹል ገንዘብ እንተ ዝህልወኒ እንታይ ምገበርኩ፡' ኢልካ ንባዕልኻ ሕተት። ማለተይ፡ ገንዘብ ስለ ዘለካ ጥራይ፡ ቁምነገር ኣብ ዘይብሉ ከተጥፍኦ፡ ኣረ ኣብ ገሊኡስ ምስ ባህልን ስርዓትን ብዘይሳነ መንገዲ ገንዘብካ ምፍሳስ ልቦና ከም ዘይኮነ ክትግንዘብ ይግባእ። ንነብስኻ ብግቡእ ምስ ኣእመንካ ንመጻምድትኻ ከተረድእ ኣይከብደካን'ዩ። ደሓር ከኣ ነዓኣ ከተረድእ ትጥቀመሎም ቃላት፡ ቦታን ግዜን ምምራጽ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብዝኾነ ጉዳይ ምስምማዕ ስኢንካ እንከለኻ ኣብ ዝተረበሸ ስምዒት ወይ'ውን ተሓራሪቕካ እንከለኻ እተውጽኦም ቃላት ብዘይ ምስትውዓል ስለ እተውጽኦም፡ ንቓላትካ እምበር ትርጉም ናይ ተውጽኦም ቃላት ዘይክስወጣ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ህድእ ኢልካ ምርዳእ ከድልየካ እዩ። ብመረዳእታኣ ናታ ሓሳባት ጥራይ ቅኑዕ ኮይኑ ክስምዓ ይኽእል'ዩ። ነዚ ተረዲኢካ ቅኑዕ ዘየብሎ ምኽንያታት ግለጸላ። ከምኡ'ውን፡ እቲ ኑቲ ድግስ ንምግባር ዝጠፍእ ገንዘብ ንሓዳርኩም ዘድሊ ኣብ ምሽማት ክሕግዝ ከም ዝኽእል ከተእምና ምፍታን፡ ዋላ'ኳ ክትሰሕቶ ኣይትኽእል'ያ እንተ በልኩ፡ ንነገራት ብተደጋጋሚ ምስ እነድምጾም ክንቅበሎም ዘለና ተኽእሎ ልዑል'ዩ። እሞ ከይተሓለልካ ህድእ ዝበለ መንፈስ ተዛረባ።

ደዋሊ፤ ሓቂ ንምዝራብ፡ ናታ ሓሳብ እምበር፡ ናተይ ሓሳብ ከም ቅኑዕ ገይረ እየ ወሲደዮ። ሓደ ከየስተብሃልኩሉ ዝጸናሕኩ ነገር ግን፡ ብዛዕባ ሕጽረት ጁባይ እምበር ንመጻምድተይ ብዝግባእ ከረድእ ኣይፈተንኩ ጸኒሐ። ሕጂ ግን ሓደ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል'የ ዝብል ግምት ኣለኒ። ናይ መጻመድተይ ሓሳባት ጥራይ ዘይኮነ፡ ናተይ ሓሳብ'ውን ክፍትሽ ከም ዘለኒ ዝሕግዝ ምኽሪ ኢኺ ክትህብኒ ጸኒሕኪ'ሞ ኣዝየ'የ ዘመስግነኪ፣ የቐንየለይ። ኣብ ቀጻሊ ደጊመ ክድውል'የ።

ኣማኻሪት፤ ኣነ'ውን ምኽሪ ደሊኻ ብምድዋልካ፡ ኣዝየ'የ ዘመስግነካ፣ ብሩኽ መዓልቲ። ብሩህ መጻኢ እምነየልካ።

ደዋሊ፤ ብሩኽ መዓልቲ፡ ደጊመ የቐንየለይ።



## ልቦና — ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ኣርባዕተ ኣዕሩኽ

ኣርባዕተ ኣዕሩኽ እዮም። ትምህርቲ ካብ ዝውድኡ; ድሕሪ 30 ዓመት ኣብ ሓደ እንዳ ሻሂ ተራኺቦም የዋግዑ ነበሩ። ሓደ ካብኦም ተንሲኡ ናብ ዓይኒ-ምድሪ ከደ። እቶም ዝተረፉ፡ ንዕላል ዕላል የምጽኡ፡ ብዛዕባ ደቆም ከዕልሉ ጀመሩ።

ቀዳማይ ዓርኪ፤ "ወደይ ስነ-ቑጠባ ኣጽኒዑ፣ ባንከኛ ኾይኑ። ሃብቲሙስ'ኳ ንሓደ ዓርኩ ፈራሪ ዝዓይነታ መኪና ገዚእሉ፡" በለ።

ካልኣይ ዓርኪ፤ "ወደይ ፓይሎት'ዩ ኾይኑልኩም። ናቱ መገዲ ኣየር ወኒኑስ ንሓደ ዓርኩ'ኳ ጀት ገዚእሉ፡ " በለ።

ሳልሳይ ዓርኪ፤ "ወደይ ከኣ መሃንድስ'ዩ ኾይኑ። ናቱ ናይ ህንጻ ትካል ገይሩ፡ ሃብቲሙ'ዩ። ንሓደ ዓርኩ ከመይ ዝበለ ግምቢ ሃኒጹ ሂቡዎ፡" በለ።

እቲ ራብዓይ ዓርኪ ካብ ዓይኒ-ምድሪ ተመልሰ። ብዛዕባ እንታይ ከዕልሉ ከም ዝጸንሑ ሓተቶም። ብዛዕባ ደቆም ብትምህርቲ ዝበጽሑዎ ደረጃን ዓወቶምን ከዕልሉ ከም ዝጸንሑ ነጊሮም፡ "ወድኻኸ?" ክብሉ ሓተትዎ።

"ወደይሲ ብዙሕ ኣይነፍዐን። ኣብ ሓደ ናይት ክለብ'ዩ ዝሰርሕ ዘሎ፡ " ክብል መለሰ። እቶም ኣዕሩኹ፡ "ወድኻ ከምኡ ኢሉ ኽትርኢ ክንዲ ምንታይ የሕርቐካ ይኸውን፡" ክብሉ ከጸናንዕዎ ፈተኑ።

"ኖ ኖ! ኣይተማህረን፡ እንተ ዘይኮይኑ እምበር ጽቡቕ'ዩ ዝነብር ዘሎ። ሰለስተ ኣዕሩኽቱ ኣለዉዎ፣ እቲ ሓደ ፈራሪ ዝዓነታ መኪና፡ እታ ሓደ ንውልቁ ጀት፡ እቲ ሳልሳይ ዓርኩ ኸኣ ከመይ ዝበለ ግምቢ ሂቦሞ ግርም'ዩ ዝነብር ዘሎ።"

inspirationalshortstories.com



ያቆብ መርሃዊ (ጃኮ)

## መበል 20 ክፋል

ህበይ ዳዉ ብምንጽርጻር ንበይኑ ክዛረብ ጀመረ፡ “ጽርግያ መስተርሆት ድሕሪ ደገም ዝመጽኣኪ ኮይኑ እስመዓኒ የለን።” ንጽርግያ መስተርሆት ብሕዙን መንፈስ ጠመታ። ጽንሕ ኢሉ፡

“ኣብ ዓደይ ምስ ደቂ ዓደይ ከም ድላየይ ኮይነ ከይነብር ስለምንታይ ኣብዚ ዕንደንደይ እብል ኣለኹ?” ንነብሱ ነዓቓ፡ “እንድዒ!! ሰባት ጥሙያት ድማ ሕማቕ ኣልሚድኩም ክትገድፉና ጀሚርኩም። ዘይ ኣነ ጥራይ እየ ዘይቀበጽኩኹም። እምበር ደቂ ዓደይሲ ኣብ ዓድና ከም ድላዮም ይኾኑ ኣለዉ። ሰባት ጥሙያት!! ስለምንታይ ግን ሎሚ ካብዘን ኩለን መኪይን ሓደ ሰብ መግቢ ዘይሃበኒ። ገለ ሚስጢር ከይሃለወ ኣይተርፍን እዩ። ድሓን ጽርግያ መስተርሆት ብቐደሙ ንሰባት እምበር መዓስ ንኣህበይ ተሰሪሕኪ፡” እናተዛረበ መገዲ ዓዱ ፈለመ። ንገዛእ ነብሱ ኣዝዩ ነዓቓ።

እቶም ክልተ ሓለውቲ ህበይ ዳዉ ብጥቓኦም ክሓልፍ እንከሎ ይሰምዕዎ ነበሩ። ዘረባኡ ናይ ምንጽርጻር ብምንባሩ ሓጎሶም መሊሱ ዛየደ።

ህበይ ዳዉ፡ ናብ ዓዶም ዝወስድ ቀልቀል ሃተፈ።

እቶም ክልተ ኣህባይ፡ ህበይ ዳዉ ካብ ቅድሚ ዓይኖም ምስ ተኸወለ ናብ መኣከቢ ቦታኦም ክጎዩ ጀመሩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ኣብ መኣከቢ ቦታኦም በጽሑ።

ሓለቓ ታኮ፡ ክልተ ዳሕረዎት ኣህባይ ምስ መጽኡ ክዛረብ ጀመረ። “ሕራይ ኣጓብዘ ሰራሕ ከመይ ውዒሉ?” ብዓይኑ ንኹሎም እናመርመረ ተዛረበ።

“ዝኸበርካ ሓለቓ ታኮ ሎሚ ከይሰራሕና ኢና ውዒልና። ሰባት ልቢ ግዲ ገይሮም መግቢ ዝበሃል

## ጽውጽዋይ

## ብጸዕርኻ ምንባር...





ከይሃቡ ውዒሎም። ንሕናን ህበይ ዳዉን ኣብ ቀንፈዘው ኢና ውዒልና፡” ሓደ ካብቶም ንህበይ ዳዉ ክሕልዉ ዝወዓሉ ብታህዋኽ ተዛረበ።

ኩሎም ኣህባይ ሰሓቑ። ሓለቓ ታኮ’ውን ፍሽኽ በለ።

“ስለምንታይ ከይሰራሕኩም ውዒልኩም?” ሓለቓ ታኮ ሕቶ ኣስዓበ።

“እንድዒ ሰባት እንታይ ከምዝኾኑ መግቢ ዝበሃል ከይደርበዩ ውዒሎም። ሎሚ ንህበይ ዳዉ ተጉዲሱ ዝረኣዮ ከማን ኣይነበረን።” ንዳዉ ክሕሉ ዝወዓለ ካልኣዩ ርእይቶኡ ሃበ።

“በሎ ሎሚ መዓልቲ ዓወትና እያ። ብዘሰርሕኩምዎ ስራሕ ኣዝየ ኮሪዐ ኣለኹ። ንሕና ኣህባይ ብልሕና ልዕሊ ካልኦት እንስሳታት ምኳንና ኣርኢና ኣለና። ስራሕና ብዓወት ተዛዚሙ ኣሎ። ሰባት መልእኽትና ተረዲኦም መግቢ ንኸይህቡና ዝሕብር ምልክታ ኣብ ክልተ ጫፍ ጽርግያ መስተርሆት ተኺሎም ኣለዉ። ከምዚ ዝረኣኹሞ ድማ ሎሚ መግቢ ዝሰንደወ ሰብ ኣይነበረን። ኣብ ሬድዮን ጋዜጣን’ውን መግቢ ንኸይህቡ ተኣዊጁ ኣሎ። ስለዚ ንሕና ኣህባይ ኢና። እዚ ቦታ እዚ ድማ ናትና እዩ። ድሕሪ ሕጂ ብዘይ ሸቑረራ ክንፅንድረሉ ኢና። ህበይ ዳዉ ጽባሕ ምምጽኡ ኣይተርፎን እዩ። ብጥሜት ተላሒሱ ድማ ናብ ዓዱ ክምለስ እዩ። ስለዚ ጽባሕ ንስኹም ናብዚ ምምጻእ ኣየድልየኩምን እዩ። ክሱብ ስራሕና ብግቡእ እንዛዘም ግን ሓደራ ምስ ዋላ ሓደ ህበይ ከይትዛረቡ። ናይዚ ዝሰራሕናዮ ጽንብል ክንገብር ኢና። ስለዚ እንቋዕ ኣሐጎሰኩም። ስራሕኩም ብዓወት ብምፍጻምኩም ክብሪ ይግብኣኩም’ዩ ክብረት ይሃብልና፡” ሓለቓ ታኮ ናይ ሎሚ መዓልቲ ፍሉይ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣብርሃሎም።

እቶም ኣጓብዘ ኣህባይ ብሓጎስ ክትከሱ ደለዩ። ሃንሕድሕዶም እናተጠማመቱ ክምስምስ በሉ። ናይ ሓጎስ ምልክት’ውን የርእዩ ነበሩ።

ሓለቓ ታኮ ናብ ዓዶም ክምለሱ ምስ ሓበሮም፡ ብሓጎስ እናጨደሩ ፋሕ ኢሎም ናብ ዓዶም መረሹ።

ሓለቓ ታኮ፡ ብዛዕባ ጽባሕ ክገብሮ ዘለዎ እናሓሰበ ቀስ ኢሉ ናብ ዓዲ ምሃብ ገስገሰ።

ህበይ ዳዉ፡ ብሕዙን መንፈስ ናብ ዓዱ በጽሐ። ብጓሂ ተመሊኡ ናብቶም ተኣኪቦም ዘዕልሉ ዝነበሩ ደቂ ዓዱ ተጸንበረ። ከም ሰራቒ ድምጺ ከየስምዐ ኮፍ በለ።

እቶም ኣህባይ፡ ብዛዕባ ዝወዓልዎን ህይወት ዓዶምን ብሓጎስ የዕልሉ ነበሩ።

ህበይ ዳዉ፡ ብዕላል ደቂ ዓዱ ቀንአ። ንነብሱ ወቐሳ፡ ንመውዳእታ መዓልቲ ጽባሕ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ክኸይድ ምስ ነብሱ ተመባጽዐ። ዕላል ደቂ ዓዱ ስለዘቐንኦ ብሓዘን ካብኦም ተፈልየ። ገዛኡ ኣትዩ ከም ሰራቒ ሰላሕ ኢሉ ናብ መደቀሲኡ ኣበለ።

* * * *

ህበይ ዳዉ፡ ብንግሆኡ ኣብ ዓዲ ምሃብ ኮለል ኩብል ጀመረ። ካብ ሎሚ ጀሚሩ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ምኻድ ክገድፎ ምስ ነብሱ ተላዘበ። እንተኾነ ግን ሎሚ ናይ መወዳእታ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ክኸይድ ወጠነ። ቀሊሕ ምሊሕ እናበለ ካብታ ዓዲ ተኸወለ። ነብሱ ፍኹስ ኢልዎ ብጉያ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ተመርቀፈ።

ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ምስ በጽሐ ከባቢኡ ብጥንቃቐ ፈተሸ። ኣብቲ ጽርግያ ንበይኑ ምንባሩ ኣረጋገጸ።

“ሎሚ መግቢ ዝህበኒ ሰብ እንተሰኢነ ካብ ጽባሕ ናብ’ዚኣ ገጸይ ኣይቅልቀልን እየ፡” ንነብሱ ተዛረቦ። ሓንሳብ ደው ኢሉ ድሕሪ ምሕሳብ ናብ ማእከል ጽርግያ ኣበለ። ኣብ ማእከል ጽርግያ ኮይኑ የማጉ-ጺጋሙ ፈተሸ።

ይቕጽል

## ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ ብኸመይ ነሕልፎ. . .

ዝኸበርኩም ተማሃሮ ናይ’ዛ ሒዝኩማ ዝሓለፍኩም ዓመተ-ትምህርቲ ተወዲኣ ድሮ ትምህርቲ ዓጺኹም ኣለኹም። ናይ ክልተ ኣዋርሕ ዕረፍቲ ድሮ ተጀሚሩ ኣሎ። ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ ብኸመይ ከምእተሕልፍዎ መደብ ኣውጺእኩም ክትኮኑ ተሰፋ ንገብር። ብምቕጻል ‘ክረምቲ ብኸመይ ኩተሕልፍዎ ኣለኩም’ ሓሳብና ከካፍለኩም ኢና ሰናይ ንባብ!!

**ጸወታ፡** ኣብ ክረምቲ ካብ ትምህርቲ ናጻ ስለዝኾንኩም ልብኹም ኣውዲቕኩም ክትጻወቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ እትጻወትሉ ግዜ ፍቕሪ ኩተርእዩ ይግባእ። ተወሳኺ ጥንቃቐ ከድልየኩም እዩ። ክትጻወቱ ኢልኩም ናብ ዲጋታት ኣይትኸዱ። እትጻወትሉ ከባቢ ካብ ሓደጋ ናጻ ምዃኑ ኣረጋግጹ። ኣብ ጽርግያ ፈጺምኩም ኣይትጻወቱ።

**መጽናዕቲ፡** ንፉዓት ተማሃሮ ትምህርቲ ምስ ተዓጽወ ናይ ዝቕጽል ዓመት የጽንዑ እዮም። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ትምህርቲ ይቐለሎም። ስለ’ዚ፡ መጽሓፍቲ ረኺብኩም ናይ ዝመጽእ ዓመት ትምህርቲ ኩተጽንዑ ጀምሩ። ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ስለዝኾነ ብዙሕ ከይተሸገርኩም ኣንብቡ። ተወሳኺ ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢ ካልእ መጻሕፍቲ ኣንብቡ።

**ትምህርቲ ምውሳድ፡** ቋንቋ እንግሊዝ፡ ስእሊ፡ ሙዚቃ. . . ምምሃር ንኣእምሮ ተማሃራይ የማዕብል እዩ። ኣብ ክረምቲ ተወሳኺ ትምህርቲ ክትመሃሩ ጽቡቕ እዩ። ምስ ወለድኹም ብምዝርራብ ኣብ ክረምቲ እትመሃርሉ ባይታ ፈትሹ። ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ግን ሰብ ገይርዎ ኢልካ ምግባር ኣየዕውትን እዩ። እቲ እትወስድዎ ትምህርቲ ኣብ ህይወትኩም ሓጋዚ ከምዝኾነ ኣረጋግጹ።

**ቦታታት ምብጻሕ፡** ኣብ ከተማ ዝነብሩ ናብ ገጠራት፡ ኣብ ገጠራት ዝነብሩ ድማ ናብ ከተማ ምብጻሕ ብዙሕ ትምህርቲ ክትቀስሙ ሓጋዚ እዩ። ስለ’ዚ፡ ኣብ ናይ ክረምቲ ዕረፍትኹም ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብምብጻሕ ኣፍልጦኹም ኣዕብዩ። ዝበጻሕኩሞ ቦታታት ድማ ኣብ መዝገብ ኣስፍርዎ። ንኣዕርኽትኹም እውን ብዛዕባ’ቲ ዝበጻሕኩሞ ቦታታት ኣዕልልዎም።


**ሞያ ምምሃር፡** ተማሃሮ ንትምህርቶም ዝሕግዙ ሞያታት ምምሃር ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ ፈለኛሞ፡ ፋግሮ፡ መካኒክ፡ ወዘተ። እዞም ሞያታት ዋላ ኣይትስርሑሎም እንተፈሊጥኩሞም ኣብ ኣገደስቲ እዮም። ዝኾነ ሞያ ብዘይ ትምህርቲ ትርጉም የብሉን። ኣብዚ ግዜ እዚ ዘለዉ ሞያታት ምስ ሳይንስ ምትእስሳር ስለዘለዎም ኣብ ትምህርትና ኣዚና ግዱሳት ክንከውን ኣለና። ተወሰኽቲ ሞያታት ምምላኽ ኣብ ህይወትኩም ሓጋዚ እዩ። ስለዚ ኣብ ናይ ክረምቲ ትምህርቲ ሞያ ምምሃር ተመራጺ እዩ። እዞም ሞያታት ጥንቃቐ ስለዘደልዩ ጥንቁቓት ክትኮኑ ኣለኩም።

**ሰናይ ተግባር ምግባር፡** ኣብ ከባቢኩም ሓገዝ ዝደልዩ ሰባት ኣለዉ። ነዞም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ጽጉማት ማይ ብምውራድ፡ ምጽራይ፡ እንዳ ጠሓኒት ብምኻድ፡ ብምልኣኽ ሓገዝኩም ኣበርክቱ። እዚ ዓይነት ሓገዝ ሰባት ኣብ ልዕሌኹም እምነት ከምዘጥርዩ ስለዝገብር ዓቕምኹም ሓግዙ።

**ንስድራ ምሕጋዝ፡** ናይ ስድራ ቤትኩም ድኳን ወይ ካልእ ዓይነት ስራሕ ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ንስድራኹም ኣብ ስራሕ ክትሕግዙ ጽቡቕ እዩ። ኣብዚ ግን ኣዚኹም ጥንቁቓት ክትኾኑ ኣለኩም። ብዘይ ፍቓድ ወለድኹም ገንዘብ ኣይተልዕሉ።

ሰናይ ክረምቲ ንኩልኹም ተማሃሮ!!





# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፈልማዊት መጓሶ

# ኣገዳስነት ሳዕሪ ሓርማዝ

ሳዕሪ ሓርማዝ መበቈሉ ማእከላይን ሰሜናዊን ኣፍሪቃ ከም ዝኾነ ይግለጽ። ተተኺሉ ወይ ተዘሪኡ ንነዊሕ ወቕትታት ማለት ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ዝጸንሕ ሓደ ካብ ዓይነት ሳዕሪ (Perennial grass) እዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ፍር-ጻዕሪ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ሳዕሪ ሓርማዝ፡ ብልጫታቱ፡ ዘድልዮ ዓይነት ሓመድ፡ ኣገባብ ኣተኻኽልኡን ኣተዓጻጽዳን ካልእን ዘጠቓለለ ትሕዝቶ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ክኢላ ልምዓት መጋሃጫ፡ ስጋን ቀርበትን፡ ኣቶ መብራህቶም ገብረሂወት ዘዳለዎ ጽሑፍ ቀሪቡ ኣሎ።

ሳዕሪ ሓርማዝ ብዘለዎ ቁመትን ዕሙር ኣቍጽልትን ብልምዲ ‘ዓርሞሸሽ’ እናተባህለ ይጽዋዕ። ሳዕሪ ሓርማዝ እንክንሰምዕ፡ መበገሲ ስያመኡ ‘ብመሰረቱ ሳዕሪ ናይ ሓርማዝ ወይ ብሓርማዝ ፍቱው ሳዕሪ ኰይኑ’ዶ ይኸውን?’ ዝብል ሕቶ ቅጅል ይብለና ይኸውን። ብወገነይ ንኽምዚ ዓይነት ኣንፈት ዝህብ ጭብጢ ኣይረኸብኩን። ኣጣሊልካ ክሳብ ዝፍለጥ ግና፡ ምኽንያት ቅጽል መጸዊዕኡ ‘ግዝፉ’ ክኸውን ከም ዝኽእል ምግማት ኣይተርፍን። ንኣዝዩ ገዚፍ ፍጡር ‘ሓርማዞ’ ዝብል ቅጽል ክለግቦ ንሰምዕ ኢና። ከም ብዋዛ ብእንግሊዝኛ ክንዲ ግዛዕ ንዝኾነ ተኽሊ ወይ እንስሳ ወይ’ውን ሰብ ‘elephantine/ኣኤለፋንቲን’ ብምባል ይጭረቐሉ። እምብኣር እዚ ክንዲ ኻላእ ዝኸውን ዓርጠም ተኽሊ ‘ሳዕሪ ሓርማዝ’ እናተባህለ ክጽዋዕ የምሕረሉ እዩ።

### ኣገባብ ኣተኻኽላኡ

ሳዕሪ ሓርማዝ ጣዕሚ ወይ መቐረት ዘለዎ፡ ተመራጺ መግቢ እንስሳታት እዩ። ኣዕሚቑም ዝኸዱ ሰራውር ይውንን። ዘርኢ ብምዝራእ ብዙሕ ዘዋጽእ ኰይኑ ኣይንረኽቦን። ካብ ሰራውር ተጠቒምካ ክባዛሕ ይኽእል። እቲ ቐንዲ ዘውቱርን ኣድማዕን ግና፡ ጨንፈር ጉንዲ ቀሪጽካ ብምትካል ይፍጸም። በዓል-ሰለስተ-ብርኪ ጨንፈር ጉንዲ ብምውዳድ፡ 15 ሴንቲ ሜትር ዝዕምቆቱ ጉድጓድ ብምድላው፡ እቲ ክልተ ብርኪ ፍርቂ ናይ’ቲ ጉድጓድ ሓመድ ይቕበር፡ እቲ ሓደ ብርኪ ድማ ልዕሊ መሬት ይቕልቀል። ኣብ ምትካል ብትኽ ዘይኰነ ብስያፍ (45 ዲግሪ) ክትከል ይግባእ። ኣብ ሞንጎ ተኽሊ ናይ ሓደ ሜትሮ ፍልልይ የድልዮ። ኣብ ሞንጎ ነግሒ ብውሑዱ ናይ 50 ሴንቲ ሜትር ፍልልይ ክህሉ ይግባእ። ካብኡ ሓሊፉ’ውን ክሳብ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ክህልዎ ተመራጺ እዩ። ምሉእ ቁመት እኹል ሳዕሪ ሓርማዝ ኣስታት ሰለስተ ሜትሮ ይበጽሕ። ሳዕሪ ሓርማዝ ጽዑቕ ክንክን ምስዝግበረሉ፡ ማለት ፍርያም ሓመድን እኹል ማይን ምስ ዝረክብ፡ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመታት ክለምዕ ይኽእል። ምህርቱ ኣብ ዳሕረዋይ ዓመታት ዘዕግብ ኣይኰነን። ኣብ ፈለማ ዓመት መጠናዊ እቶት ኣሎዎ። ኣብ ዝቕጽል ካልኣይን ሳልሳይን ዓመታት ግና ጽቡቕ ምህርቲ ከም ዝርከቦ ይፍለጥ።

ሳዕሪ ሓርማዝ ዓመት ምሉእ ዝትከል ይኹን እምበር፡ ኣብ መጀመርታ ወቕቲ ክረምቲ እንተተተኽለ ዝያዳ ይምረጽ። ኣብ ቃጽያታት ሕዋስ ሳዕሪ ዘይብሉ፡ ውጹእ ሸኻ ወይ ሰውሒ (pure pasture) ኰይኑ ምስዝለምዕ ዝበለጸ ውጽኢት ይርከቦ። እንተኾነ ከም ኣድላይነቱ ከም ኣማራጽን ብመልክዕ ዋህራር ምስ ከም’ኒ ሉሲንያ፡ ኣልፋኣልፋ ዝኣመሰሉ ማእራረ-ለቕሚ (Forage) ቀጠልያ መግቢ እንስሳታት ጸንቢርና እንተ ኣልሚዕናዮ ኣዕጋቢ እቶት ክርከቦ ይኽእል። ሳዕሪ ሓርማዝ ኣብ ደረጃ ውልዶ ልምዑነቱ ተዓጺዱ ንጥሪት ክቐረበለን ኣለዎ። ብዕጽድ-ትሰክም ማለት ዓጺድካ ዝቕረብ (Cut and carry) ሳዕሪ ኰይኑ፡ ኣብ ምርባሕን ምስባሕን ጥሪት ኣድማዕነት ኣለዎ። ብተወሳኺ ብዕላማ ብሰፊሕ ብምልማዕን ብምሻጥን ከም ምንጪ እቶት ኰይኑ የገልግል።

### ኣገባብ ዓጺድ

እዚ ዓይነት ሳዕሪ ኣቍጽልቱ ዘጋፍ፡ ንውሓት ዘጉላዕልዕ ኣካል ቈጽሉ ኣስታት ሓደ ሜትሮ ይበጽሕ። ኣብ ግዜ ዓጺድ ቁመቱ ኣስታት 80 ሴንቲ ሜትር እንተ ተዓጺደ ንጥሪት ኣድማዒ እዩ። ኣብ እዋኑ ተሪር ጉንዲ ከየማዕበለ ክዕጸድ ይግባእ። ዘይውሕሉል ኣተዓጻጽዳ ኣብ ተኽሊ ኣሉታዊ ሳዕቤን ስለ ዘኸትል፡ ዓጺድ ብብልሓት ክስነ ኣለዎ። ኣብ እዋን ዓጺድ ካብ ታሕቲ 10 ሴንቲ ሜትር ልዕል ኢልና ክንዓጽዶ ግድነት ይኸውን። ሳዕሪ ሓርማዝ ተተኺሉ ክሳብ ዝበጽሕ ወይ ዝዕጸድ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ የድልዮ። ቅልጣፈ ብጽሕናኡ ከምኡ’ውን መጠን እቶቱ፡ ኣብ እኹል ቀረብ ማይ ወይ ዋሕዚ መስኖ ዝምርኰሰ ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝቕጽል ካልኣይ ምህርቲ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 4-6 ሰሙናት ይዕጸድ። ኣብ ቀዳማይ ዓመት ካብ 6 - 8 ግዜ ክዕጸድ ይኽእል። ብምቕጻል ድግምጋም እቶቱ ክብ ብምባል፡ ኣብ ዕድመ ካልኣይን ሳልሳይን ዓመቱ ካብ 8 - 12 ግዜ ኣብ ዓመት እናተዓጽደ ልዑል ምህርቲ ይህብ። ስለዚ ሳዕሪ ሓርማዝ ምስ ፍርያም ሓመድን እኹል መስኖኣዊ ቀረብ ማይን እዋኑ ዝሓለወ ተደጋጋሚ ዓጺድን፡ ኣብ ዓመት ካብ 70 ክሳብ 130 ቶን (ካብ 700 ክሳብ 1300 ኲንታል) ካብ ሄክታር ይሕፈስ። ሳዕሪ ሓርማዝ ዝኾነ ይኹን ፍርያም ሓመድ ይሰማምዖ እዩ። እንተኾነ ልዑል እቶት ክርከቦ፡ ኣዝዩ ሃብታም ፍርያም ሓመድ የድልዮ። ሳዕሪ ሓርማዝ ነዊሕ ሰራውር ስለ ዘውንን፡ ፈኲስ፡ ዓሚቝ ከምኡ’ውን ጽቡቕ ጽንፉፈ ዘሎዎ (Well-drained) ዘለዎ ሓመድ፡ ፈርከሽ ወይ ዓጾኽ ናይ ምባል ጠባይ ዘለዎ ዱኺ ሓመድ ዝያዳ ይምሽዎ። ስለ ዝኾነ ምእኩት ምህርቲ ንምርካብ ዝሰማምዖ ሓመድ ክንመርጽን ድኹዒ ብምጥቃም ሓመድና ክነህብትምን ይግባእ።
ሳዕሪ ሓርማዝ ብባህሪኡ ኣብ እዋኑ ስሩዕ ምዕጻድ የድልዮ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣዝዩ ቅልጡፍ ናይ ምጭብጫብ ጠባይ ስለ ዘለዎ ኰይኑ ንረኽቦ። በዚ መሰረት ክሃልኽ ወይ ክዕጸድ እንተ ዘይክኢሉ ብቕጽበት ዓጺቑ ወይ ተሪሩ ኣብ ደረጃ ጉንዲ ይበጽሕ። ብእኡ መንጽር ትሕዝቶ መኣዛኡ ይጎድል፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ምእኩት እቶት ጸባን ስጋን ንምርካብ ኣብ ዝግበር ጻዕርታት ዝውጠን ኣድማዕነት ኣይርከቦን። ስለዚ ሃልክን ክሳራን ኰይንና ከይንተርፍ፡ መጠን ስፍሓት እነልምዮ ኣብ እዋኑ ዝዕጸድ፡ ምስ ጥሪትና ዝመጣጠን መሬትን ክኸውን ይግባእ። እዚ እንተ ዘይኰይኑ ካልእ ኣማራጺ ብምንዳይ ናብ ዕዳጋ ኣቕሪብና ከነህልኾ ከም እንኽእል ኣቐዲምና ክነረጋግጽ ይግባእ።

### ምድላው መሬትን ማሕረስን

ምሉእ ምድላው መሬት፡ ደጋጊምካ ብምሕራስ ግራት ምልስላስ ኣድላዪ’ዩ። ጽዑቕ ክንክን ሓመድ ብምክያድ ቀጺልካ’ውን ደገፍ መስኖ ወይ እኹል ማይ ብምውዳድ፡ እቶት ሳዕሪ ከም ዝዛይድ ምግባር የድሊ።

ኣጠቓቕማ ድኹዒ ክንጠቅስ እንተ ኹይንና፡ እቶት ሳዕሪ ሓርማዝ ንምዕባይ ብዝያዳ ባህርያዊ ድኹዒ ምጥቃም ክድፍኣሉ ይግባእ። ኣብ ምጅማር፡ ኣብ ሓደ ሄክታር 100 ኲንታል ባህርያዊ ድኹዒ ደንበ (Backyard manure) ክንስነሰሉ ከም ዘድሊ’ዩ ብሞያ ሕርሻ ዝምከር። ዘመናዊ ድኹዒ (Arteficial Fertilizer) እንተኹይኑ ድምማካብ 50 - 100 ኪሎግራም ኣብ ሓደ ሄክታር ኣብ ክልተ እብረ ክግበረሉ ይግባእ። ሓንሳእ ድሕሪ ምዕጻድ ኣብ ግራት ንኽልተ እዋን ድኹዒ ምንስናስ ኣድላዩ እዩ። ሳዕሪ ተዓጺዱ ኣብ 20 ሴንቲ ሜትር ደረጃ ዕብየት ምስ በጽሐ ዘመናዊ ድኹዒ ክግበረሉ ከም ዝግባእ ምፍላጥ የድሊ። ባህርያዊ ድኹዒ ዝያዳ ብቐጻሊ ምዝውታር ክንደፍኣሉ ዝግባእ እዩ። ብፍላይ ድማ ኮምፖስት ክንጥቀም እንተ ኽኢልና፡ ልዕሊ 1300 ኲንታል ሳዕሪ ሓርማዝ ካብ ሓደ ሄክታር ኣብ ዓመት ክንረክብ ንኽእል።


ኣቶ መብራህቶም ገብረሂወት

ንጠሊ ሓመድ ብዝምልከት፡ ሳዕሪ ሓርማዝ ኣዝዩ ደርቂ ዝጻወር ተኽሊ ይኹን እምበር፡ ንነዊሕ እዋን ንጽምኢ ወይ ደርቂ ክቓላዕ ኣይግባእን። ንኡድ ፍርያት ክርከቦ ብቐጻሊ ጠሉ ዝሓለወ ሓመድ የድልዮ። እኹል ማይ ክረክብ ኣለዎ። ከምዚ ክንብል ከለና ቀጻሊ ወሓዚ ማይ ዝሓልፎ ወይ ጀቕጀቕ ቦታ ከምዘይጻወር ምዝካር የድሊ።

### ብልጫታት ሳዕሪ ሓርማዝ

ሳዕሪ ሓርማዝ ኣብ መዓላ ዝተፈላለዩ ረብሓን ኣገልግሎትን ዝህቡ ዓይነት እንስሳታት ክውዕል ይኽእል። ልዑል መኣዛታት ስለ ዘሎዎ፡ ብሕልፊ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ እንስሳታትን ምስባሕ ናይ ስጋ ጥሪትን ኣድማዕነቱ ጎሊሑ ይርኣ። ቀንዲ ብልጫ ሳዕሪ ሓርማዝ ኣብ ጸቢብ ዝሰፍሓቱ ግራት(ቃጽያ) ምእኩት እቶት ምሕፋስ እዩ። ብሕልፊ ኣብ ጀርዲን ንዘነጥፉ፡ ድሩት መሬት ንዘለዎምን ኣብ መጠነ-ንኡስ ሕርሻ እንስሳታት ንዝዋፈሩን ሓረስቶት ዘዋጽእ ኰይኑ ንረኽቦ። ብተወሳኺ፡ ከም ኣድላይነቱ፡ ብጥሉሉ ተዓጺዱን ነቒጹን ብመልክዕ ድርቋ ከምኡ’ውን ከም ሳይለጅ ወይ ድማ ኣንቂጽካ ተዳልዩ ንመግቢ ጥሪት ክውዕል ይኽእል። ካልእ ብልጫ ሳዕሪ ሓርማዝ ነዊሕ፡ ድልዱል ሰራውር ስለ ዘውንን ንግራት ካብ ፍግረ-መሬት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣሎዎ፡ ብተወሳኺ ከም ሓጹር (live fence) ንሓረስቶት ዘርብሕ ኩለንትናዊ ጥቕሚ’ዩ ዘውንን።

እምብኣርከስ ውሕስነት ጸባን ስጋን ንምርግጋጽ፡ ሳዕሪ ሓርማዝ ብሰፊሕን ንኡስን መጠንን ብምልማዕ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ክርከቦ ከም ዝኽእል ብምርዳእን ኵሉሸነኻዊ ብልጫታቱን ረብሓታቱን ብምግንዛብን፡ ሓረስቶት ሃገርና ብግቡእ እናኣልምዑን እናኣባዝሑን ክጥቀሙሉ ይግባእ።

***



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኵሉ!

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኾታ

## ክንሓስብ ቋንቋ የድልየና ዶ?

ቋንቋ ንሓሳብ ይውስኖ ዶ? ወይስ ሓሳብ'ዩ ንቛንቋ ዝውስኖ? ሓሳብ ድዩ ቋንቋ ኣብ ሓንጎልና ቀዲሙ ዝመጽእ? ብዛዕባ እቲ ንሓስቦ ዝኾውን መግለጺ ስለዘለና ዲና ንሓስብ? ብዛዕባ እቲ ንሓስቦ ዘለና መግለጺ ቃላት ስኢና ንፈልጥ ዶ? ቋንቋ እንታ ዘይህሉ ክንሓስብ ምኽኣልና ዶ? ህጻን ምዝራብ ቅድሚ ምጅማሩ ይሓስብ ዶ? ሃብታም ቋንቋ ዘለዎ ሕብረተሰብ ብሓሳብ ሃብታም ክኾውን ይኽእል ዶ? ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዝመልኽ ሰብ ኣብ ሓሳብ ዝተፈልየ ይኾውን ዶ?... ኣብዚ ኣርእስቲ ዝተመርኩሰ እልቢ ዘይብሉ ሕቶታት ይህልወና ይኾውን እዩ።

ብርግጽ፡ ቋንቋ ንእንሓስቦ ጽልዋ ኣለዎ። ገሊኦም ሰባት'ውን ቋንቋ ከም መሕሰቢ ዝቖጽርዎን ብዘይ ቋንቋ ፍጹም ክንሓስብ ከም ዘይንኽእል ዝድምድሙን ኣለዉ። እዞም ሰባት፡ ነቲ "ስነ-ቋንቋዊ ወሳንነት" (linguistic determinism) ዝብል መንገዲ ዘምጽኡ ሓሳብ፡ ምሉእ ብምሉእ ዝቕበሉ እዮም። "ስነ-ቋንቋዊ ወሳንነት"፡ ንኹሉ እንሓስቦ ሓሳብ፡ ቋንቋ ከም ዝውስኖ፣ ብዘይ ቋንቋ ዝኾነ ሓሳብ ከም ዘይፈልቕ ዝምጉት እዩ። ቋንቋ፣ ሓሳብና፡ ስምዒትና፡ ብልሕናን ጥበብናን ብቓላት ኣቢልና ምስ ካልኦት ንረዳድኣሉ መሳርሒ እዩ። ኣብዚ ግዜ ምስ እንረኽቦ ዝተፈላለየ ሓበሬታታት ኣዛሚድና፡ ቋንቋ ኣብ ልዕሊ ንሓስቦ ሚእቲ ሚእታዊት ወሳንነት ኣለዎ'ኳ እንተ ዘይበልና፡ ኣብ መንጎ ቋንቋን ሓሳብን ዘሎ ድልዱል ዝምድና ግን ክንክሕዶ ኣይንኽእልን። ቋንቋ፡ ሓሳብና ከነውህሉን ከፋፈልና ክንምድብን ይሕግዘና። ንኣብነት፤ ቀጽርታት፡ ሕብርታት፡ ሃገራትን ካልእን ኢልና ምድባት ከነዳሉ ንኽእል። ቋንቋ፡ ሓሳብና ከነመሓላልፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንጹር መረዳእታ ክንፈጥርን ሓሳብና ከነማዕብሎን ይሕግዘና። ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብን ዝጥቀሙሉ ቋንቋን ምስ እንዕዘብ፡ ቋንቋ ኣብ ሓሳቦም ዘለዎ ጽልዋ ዝያዳ ክበርሃልና ይኽእል። ኣብ ቋንቋ ጃፓን፡ ንቐጠልያን ሰማያውን ሕብርታት ምስ ሓወስካ ዝመጽእ ሕብሪ መጸውዒ ኣለዎ። ኣብ ቋንቋ ራሻ ግን ንብርክት ዝበሉ ዓይነታት ሰማያዊ ሕብሪ ሓደ መጸውዒ ኣለዎም። ተዛሪብቲ እዞም ክልተ ቋንቋታት ብዛዕባ ሕብሪ ክሓስቡ ከለዉ ዝተፈለለየ ሓሳብ ከመጭዉ ይኽእሉ። ሓደ ካብቲ ንፍልልያቶም ዝጸሉ ኸኣ እንታይ ዓይነት ቋንቋ ይዛረቡ ኣለዉ እዩ።

ዝምድና ሓሳብን ቋንቋን፡ ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዝመልኩ ሰባት ኣብ ግምት ብምእታው ክንገልጾ ምስ እንፍትን፡ ቋንቋ ዘለዎ ጽልዋ ዝያዳ ጉሊሑ ክረኣየና ይኽእል። ነዚ ንምብራህ፡ ኣብ ዋተርሎ ዝበሃል ዩኒቨርስቲ፡ ኣብ መንን ክልተ ቋንቋታት - እንግሊዝኛን ቻይናን - ዝመልኩ ተመሃሮ መጽናዕቲ ተኻይዱ። ኣብቲ መጽናዕቲ፡ ተመሃሮ ብዛዕባ ነብሶም ብቛንቋ እንግሊዝኛን ቻይናን ክገልጹ ተሓቲቶም። ተመሃሮ፡ ክምቲ ዝተባህለዎ ብኽልቲኡ ቋንቋ ገይሮም ነብሶም ገሊጾም። እንተኾነ፡ እቲ ውጽኢት ፍልልይ ዘለዎ ኮይኑ ተረኺቡ። ኣብቲ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ዝተጠቐምሉ እዋን፡ ብዛዕባ ነብሶም እወታዊ መግለጺ ጥራይ ሂቦም። ኣብቲ ብቛንቋ ቻይና ዝተጠቐምሉ ግን ክልቲኡ ማለት እወታውን ኣሉታውን ሸንኻት ነብሶም ገሊጾም። እቲ ምኽንያት፡ ክልቲኡ ቋንቋታት ክልተ ዝተፈላለየ ኣገባባት ኣተሓሳስባ ስለ ዘንጸባርቕ'ዩ። ማህደረ-ቃላት ቋንቋ እንግሊዝኛ፡ ኣብ ውልቃዊ ስምዒታት ኣመና ይጸቕጥ፣ ቋንቋ ቻይና ግን ሓይሉ ኣብ ሚዛናዊ ኣተሓሳስባ ወይ ርትዒ እዩ። ቋንቋ፡ ንሓሳብና ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ብልሕን ጥዕናን ኣእምሮና እውን እወታዊ ዝምድና ኣለዎ። ብዙሕ ቋንቋ ምስ ንመልኽ፡ ሓንጎልና ብፍጥነት ክሰርሕ ከም ዝኽእል ይገብር። ሓንጎልና ንብርክት ዝበሉ ኮነታት ቀልጢፉ ምላሽ ንኽህብ ብቕዓት ከጥሪ ይሕግዘ። ቋንቋን ሓሳብን፡ ክልተ ሸነኽ ዘለዎ ዓቢ መተሓላለፊ መንገዲ ናይ ሓበሬታ እዮም። ብቕዓት ቋንቋና ኣብ ዝዓበየሉ፡ ብልሓዊ ብቕዓት ሓንጎልና ክሰፍሕን ክዓብን ይኽእል። እዚ ስለዝኾነ 'ኸኣ'ዩ፡ ባህሊ ምንባብ ብብዝሒ ዝጉስጎሰሉ። ቋንቋ ክንበሃሃል፡ ኣብ ረቀቕቲ ሓሳባትን ስምዒታትን፤ ከም ሓጉስ፡ ሓቂ፡ ናጽነትን ክብርን፡ ዕሙቕ ዝበለ ኣመርን መረዳእታን ክህልወና ይሕግዘ። ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዝመልኩ ሰባት፡ ሰፊሕ ዝበለ ማህደረ-ቃላት ስለዘለዎም፡ ፍልጠቶም ብእኡ መንጽር ክሰፍሕ ይኽእል። ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ቋንቋ ዝመልኩ ሰባት፡ ብሓደ ቋንቋ ክዛረቡ ከለዉ፡ ነቲ ካልእ ቋንቋ ናይ ምቁጽጻር ወይ ምዕባጥ ክእለት የጥርዩ። ሓደ ሰብ ትግራይትን ትግርኛን ዝመልኽ ምስ ዝኾውን ትግራይት ኣብ ዝዛረበሉ እዋን ናይ ትግሪ ቃላት፡ ሰዋሰውን ኣሰራርዓ ቃላት፡ ምስላታት... ጥራይ ክጥቀም ምኽኣሉ፡ መግለጺ ዘለዎ ሓያል ብልሓዊ ኣቓልቦን ኣድህቦን እዩ። ምኽንያቱ ሓደ ቃል ምስ እንደሊ፡ ሓንጎልናን ናይ ክልቲኡ ቋንቋ ትሕዝቶ ብማዕረ'ዩ ዝቕርበልና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዘረባና ኸኣ ናይቲ ንዛረቦ ዘለና ቋንቋ ቃል ብኣድህቦ ክንመርጽ የድልየና። ነዚ ክንገብር ብቕዓት ምስ ዘይህልወና ሓዋዊስና ክንዛረብ ንግደድ። ቃላት ናይ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ቋንቋ ከይሓዋወስካ ምዝራብ እምበኣር፡ ምልክት ቋንቋ ጥራይ ዘይኮነ ሓያል ብልሓዊ ኣድህቦ ይሓትት። ንሕና'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት፡ ነቶም ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ዝመልኩ ግን ሓንቲ ፍረ ቃል ከይሓወሱ ዝዛረቡ ከነድንቖ ተሰሚዕና ንኸውን ኢና።


ቋንቋ ድዩ ንሓሳብ ዝውስን ወይስ ሓሳብ እዩ ንቛንቋ ዝውስኖ ኣብ ዝብል ክትዕ፡ ካብ "ስነ-ቋንቋዊ ወሳንነት" ዝተፈልየ መንገዲ ዘምጽኡ፡ እቶም "ቋንቋ ሓሳባት" (language of thought) ዝብል ክልሰ-ሓሳብ ዝኸለሱ እዮም። ኣብቲ ዝገበርዎ ክትዓት፡ 'ሓሳብ ብዘይ ቋንቋ ክህሉ ይኽእል እዩ' ዝብል ነጥቢ እዮም ዘልዕሉ። እዚ ኸኣ ነቲ 'ቋንቋ ንሓሳብ ኢሉ ዝፈልጥ ድዩ?' ዝብል ሕቶ የሰዕብ። ነዚ ሓሳብ ንምጽናዕ ቀሩብ ክብድ ይብል ይኾውን። ምኽንያቱ፡ ጽልዋ ባህሊ፡ ሓሳብን ቋንቋን ኣብ ኩሉ ዓውድታት በዳዪ ትንተናታት ስለዝርከቦ። ብቐሊል ዝበለ፡ ኣብ መስርሕ ዘረባ፡ መጀመርያ ንሓስብ ድሕሪኡ ንዛረብ፣ ዘረባ ይኹን ጽሑፍ ነቲ ንሓስቦ ንኽንገልጽ ቀጺሉ ዝስዕብ ንጥፈት እዩ። ኣብ መንን ቋንቋታት ገለ ሕጽረታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ኩሉ ንሓስቦ ብቛንቋ ጌርና ክንገልጾ ኣይንኽእልን ስለዘለና። ጽሑፍ፡ ሓያል ዝኾነ ርኽበት እዩ፣ እቲ ምንታይ፡ ቅድሚ ዝኾነ ሓሳብ ምልውዋጥና፡ ደጊምና ክንምርምርን ክንእርምን ስለዝኽእልና። ኣብ ዘረባ ግን ከምኡ ዝበሃል የለን፣ ሓንሳእ እንተ ወጺኡ በቃ ኣኺልዋ እዩ። 'ቋንቋ፡ ሓሳብ የፍልጥ እዩ' ኢልና ኣፍና መሊእና እንተ ዘይተዛረብና፡ ገለ ጥበባት ግን ብዘይ ቋንቋ ክግበሩ ኣይምተኻእሉን። ብዓቢኡ፡ ሓሳብ ናብ ትግባረ ክቕየር ዓቢ ተራ ዘለዎ ቋንቋ ስለዝኾነ፡ ሓሳብን ቋንቋን ፈላሊኻ ክረአ ኣይክኣልን። 'ቋንቋ መሕሰቢ እዩ' ዝብል ነጥቢ ኣካታዒ ዋላ ይኹን፡ መምሃሪ ግን እዩ። ስለዚ፡ ሃብታም ቋንቋ ምስ ዝህልወና፡ ዝዓበየ መሳርሒ ትምህርቲ ኣለና ማለት እዩ። ብውልቂ ደረጃ ምስ እንርእዮ'ኸኣ፡ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ቋንቋታት እናተማሃረ ዝዓበየ ቆልዓ፡ ካልእ ዓይነታት ሓበሬታ ክመሃር ዝቐለለ ይኾነሉ። ቋንቋ ሓሳብና ከስፍሕ ወይ ክሓጽር ሓይሊ ኣለዎ። ንምምሃር ምስትምሃር ከኽብዶን ክቕልሉን ከኣ ይኽእል። ብዙሕ ኣሰማት ናይ ሕብርታትን ቀርጽታትን ምስ ዝህልወና፡ ቈልዑ'ን ዓበይቲን ብቐሊል ዝበለ ከለልዮ፡ ክዝክርዎን ክጥቀሙሉን ይኽእሉ። ሓደ ቃል ንብዙሕ ነገራት መግለጺ ምስ ዝኸውን ግን፡ ምድንጋር ከስዕብ ይኽእል እሞ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ፍልጠት ምቕሳም፡ ኣብ ምምሃር ቋንቋ ግዜን ጸዓትን ነህልኽ።

ኣብ ዓለም ክባቢ 5000-7000 ቋንቋታት ኣሎ ይበሃል። ነፍሲ ወከፍ ቋንቋ ኸኣ፡ ካብ ተዛረብቱ ዝተፈላለየ ጥበባት ይሓትት። ብገለ ቋንቋ ንህቦ ሓበሬታ፡ እቲ ቋንቋ ስለዘኽእለና ብርክት ዝበለ ነጥብታት ከካትት ንኽእል። ኣብ ገለኡ ኸኣ፡ ቋንቋ ብዝፈጥሮ ጽልዋ፡ ኣዝዩ ድሩት ሓበሬታ ይመሓላለፍ። ንኣብነት፤ ብቛንቋ ትግርኛ፡ "ኣኮይ ኣብ ጉደና ሓርነት ርእየ" ክብል ምስ ዝበለ፡ በቲ ዝሃንጾ ምሉእ ሓሳብን ሰዋስውን መዓስ ነይሩ ክንገልጽ እኽእል እዩ። ሓሉፍ እንተ ኾይኑ፡ "ኣኮይ ኣብ ጉደና ሓርነት ርእየ ነይረ" ክብል እኽእል። ኣብቲ ግዜ ዘጋጠመ ምስ ዝኾውን ከኣ፡ "ኣኮይ ኣብ ጉደና ሓርነት ርእየ" ጥራይ እብል። እዚ ግን ኣብ ቋንቋ ኢንዶነዥያ ኣይሰረሕቦን ኢና። ኣብ ኩንስላንድ ኣውስትራሊያ ትርከብ ፖርምፑሮው ዝተባህለት ዓዲ ዝዝረብ ቋንቋ፡ "ፖርምፑሮው ኩክ ታዮረ"፡ ኣንፈት ንምግላጽ ንጥቀመሉ የማንን ጸጋምን ዝብል ቃላት የብሉን። ኣብ ክንድኡ፡ መኣዝን ንምግላጽ ንጥቀመሎም መሰረታውያን ኣስማት (ምዕራብ፡ ምብራቕ፡ ሰሜንን ደቡብን) ገይሮም ኣንፈት ይሕብሩ። ኣብ ቋንቋ ትግርኛ እዞም ኣስማት ንጥቀመሎም ኢና፣ ግን ንቦታታት ንምግላጽ ጥራይ ኢና ንጥቀመሎም። ኣብ የማነይ ዝነበረ መማህርተይ እምበር ንደቡብ ገጹ ዝነበረ መማህርተይ ኣይንብል ኢና። ኣብቲ ዓዲ ግን ዝኾነ ኣንፈት (ናይ ሰብ ቦታ፡ ኣብ ጠረጴዛ ዘላ ሻሂ...) በዞም ኣሳማት ናይ መኣዝን ይጥቀሙ። ኣብ ቋንቋ ትግርኛን ዓረብን ዳርጋ ንኹሉ ንጥፈት በየናይ ጾታ ተፈጺሙ ክገልጽ ዝኽእል ቃላት ይርከቦ። ቋንቋ እንግሊዝኛ ግን ብዘይካ ክንዲ ስም ካልእ ንጾታ ዝፈሊ የብሉን።

'ቋንቋ ንሓሳብና ይጸልዎ'ዩ' ኢልና ክንሓስብ ከለና፡ እቲ ስነ-ባህላዊ ክፋሉ ወይ ትርጉም ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ጥራይ ዝጸልወና ይመስል ይኾውን። እንተኾነ፡ ቋንቋ ዋላ እቲ ተክኒካዊ ክፋሉ ምስ ኣሰራርዓ ቃላትን ሰዋስውን ዝተሓሓዘ ጽልዎ'ውን ኣለዎ። "ቤት መግቢ" መግቢ ዝሸየጠሉ ቦታ ወይ ገዛ ማለት ክኾውን ከሎ፣ "መግቢ ቤት" ክኣ ኣብ ገዛ ዝተዳለወ መግቢ እዩ። ስለዚ፡ ዝተፈላለየ ኣሰራርዓ ቃላትን ሰዋስውን ብምጥቃም፡ ዝተፈላለየ ሓሳባት ንኽንሓስብ፡ ሕጊ እቲ ንጥቀመሉ ዘለና ቋንቋ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ካልእ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝድለ፡ ስርዓተ-ቃላት ናይ ቋንቋ እዩ። 'ዓቢ'ን 'ገዚፍ'ን፡ ሓደ ትርጉም ኣለዎ፣ ክልቲኡ ንኽብደት፡ ንውሓት፡ ስፍሓትን ካልእ ንልዑል ዓቕን መግለጺ ክንጥቀመሉ ንኽእል። 'ዓቢ ሰብኣይ' እንተ ኢልና ብዕድመ ድፋእ ዘበሉ ሽማግለ ክንስምዖ ንኽእል። 'ዓቢ ገዛ' እንተ ኢልና ግን ሰፊሕ ቦታ ዘለዎ ገዛ ክንስምዖ ንኽእል። "ገዚፍ ሰበይቲ" ምስ ልዑል ክብደት ዝተሓሓዘ መግለጺ ክንህብ ምስ እንደሊ ንጥቀመሉ። "ገዚፍ ገዛ" እንተ ኢልና ግን ከቢድ ሚዛን ዘለዎ ማለት ዘይኮነስ ንስፍሓት እቲ ገዛ ንምግላጽ ኢና ንጥቀመሉ።

ከምዚ ዝበለ ፍልልያት ናይ ስርዓት-ቃል፡ ኣብ ሓሳብ፡ ጽልዋ ይፈጥር። ቋንቋ፡ ኣብ ሓሳብ ክንድ'ዚ ዝሓየለ ጽልዋ ካብ ሃለዎ፡ ብምጽንዑን ብብቕዓት ብምጥቃምን ክንክስበሉ ይምረጽ። ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ብምምላኽ ዝዓበየ ረብሓ ስለዝርከቦ፡ ነዚ ዝኾውን ግዜ ሃሰስ ምባል'ውን ከድለየና እዩ።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Azel Pharmaceutical Sh. Co. is inviting interested applicants for the following positions.

**AZEL PHARMACEUTICAL Sh.Co.**

| | |
|---|---|
| **1. Job Title & Number required** | **Electrical and Electronics Engineer (01)** |
| **Major duties** | • Prepare and schedule preventive and corrective maintenance plans for production machines, HVAC system, electrical equipment and utilities establishing sequence and time frame of maintenance operations<br>• Perform all electrical and electronic maintenance activities in compliance with cGMP and Azel quality system in order to ensure the smooth functioning and overall health of production machine, generators, HVAC system, and utilities.<br>• Operate and control Generators and Chillers and ensures proper supply of electricity to all machines and areas of the company.<br>• Participate in out-sourced and in-house electrical equipment repair, servicing and installation activities.<br>• Prepare, update and complete or fill machine and equipment preventive and corrective mechanical maintenance documents.<br>• Participate in preparing electrical maintenance budget and monitoring expenditure to enhance performance and minimize wastefulness. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office.<br>▪ Excellent written and verbal communication skills, including presentation skills<br>▪ Excellent interpersonal skills. |
| **Education** | ➢ BSc. in Electrical and Electronics Engineer |
| **Age and Gender** | ➢ 25-50 Years, Male |
| **Experience** | ➢ At least two years of work experience as Electrical Engineer, or related positions in a manufacturing company. |
| **2. Job Title & Number required** | **Mechanical Engineer (01)** |
| **Major duties** | • Prepare and schedule machine and equipment mechanical maintenance plans, establishes sequence and time frame of operations in order to meet manufacturing requirement.<br>• Implement all machine and equipment preventive and corrective mechanical maintenance in compliance with cGMP and Azel quality System in order to insure their smooth functioning and overall health.<br>• Participate in Installation .validation, calibration and out-sourced maintenance activities of machines and equipment.<br>• Prepare, update and complete or fill machine and equipment preventive and corrective mechanical maintenance documents.<br>• Prepare training manual and conducts training for maintenance technicians and production operators.<br>• Prepare annual spare parts requirement with their full specification; and ensure their availability in the store all the time.. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office<br>▪ Excellent written and verbal communication skills, including presentation skills<br>▪ Excellent interpersonal skills. |
| **Education** | ➢ BSc. in Mechanical Engineering |
| **Age and Gender** | ➢ 25-50 Years, Male |
| **Experience** | ➢ At least two years of work experience as Mechanical Engineer, or related positions in a manufacturing company. |
| **Place of Work for both posts** | Keren |

❖ Applicants should submit their full applications including CV, educational credentials and training certificates within 10 days from the date of publication in the newspaper through the following addresses.

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Asmara: P.O. Box 6799 Tel: 120028/120029

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Keren: P.O. Box 89 Tel: 400234/401994

❖ Salary - Negotiable

**Note:** All applicants must have proof of demobilization or exemption from the National Service.

## ሽሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኸዴሪያ ጀማል ዓብደላ ወከል ሰዒድ ጀማል ዓብደሉ ተኸሳሲ ዓብድሰላም ረመዳን እድሪስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ርዚና ኣብርሃም ገብረሰላሴ፡ ብዋሕስ ቤተይ ኣቶ ሃብተ ኣረፋይ ተሰፋዝጊ፡ ካብ 05/2014 ደሃይ ስለዘይገበረ፡ ናይ ጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲት ሂወት ተወልደ ወልደጋብር፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሙብራት ኣለምሰገድ፡ ንዓኺ ዝምልከት ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ፍረማሪካኤል ገብረእየሱስ ገብረልዑል፡ ወለድና ገብረእየሱስ ገብረልኡል ፍረማሪካኤልን ስምረት ዘርኣየውሃንስ ከልብን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1ህልው ሓወይ 1መዋቲ ሓወይ ተተካእቲ 2 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሃብቶም መብራህቱ ሃይሉ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣስመረት ገብረእግዚኣብሄር ትኩእ፡ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቢ።

ገብረመድህን ተኸለብርሃን መስቀል ምግል ተረፉ፡ ገብረመድህን ተኸለ ብርሃመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ለምለም ተድላ ገብሩ፡ ሓወይ ኣሰፋው ተድላ ገብሩ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3መወትቲ ኣሕዋተይ ተተካእቲ 14 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽጋይ ኣርኣያ ይሕደጎ፡ ብዋሕስ ቤተይ ጊላዝጊ ኣትናትዮስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ጥዑምዝጊ ተስፋጊርግሽ ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ ራህያ ሃይለ ስባሁ፡ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ወልደዝጊ ባህታ ቢየን፡ ተኸሳሲ መሓመድ ዜን ኢብራሂም፡ ንገንዘብ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ሂወት በየነ ኣስፍሓ፡ ብዓል ቤተይ ኣጠ ተሰፋይ ጉብረስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቐረብ፡፡

ኣርሴማ የውሃንስ ኣቦይ የውሃንስ ዓንደማሰቀል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ፡ ከምኡ'ውን ሰዩቲ ኣቦይ ወ/ሮ ፍትሃ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 1ይ መጋባእያ ይቐረብ፡፡

ከሳሲት ኣዝመራ ጉብረማርያም፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኻ ጉብረእግዚኣብሄር ተከኤ 1.ኣስቴር ጉብረእግዚኣብሄር ተከኤ 2.ጸገሬዳ ጉብረእግዚኣብሄር ተከኤ ንክራይ ገዛ ዝምልከት ክሲ ተኸፊቱልክን ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን ጉዳይክን ኣብዘየለኽናሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ኣምባሶኛር ተስፋሚካኤል፡ ኣዴና ኣድሓኑት ኣስፋሃ ጉብረሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ኣበባ ዳዊት ኣብርሃም፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባዝብሄል እምባየ ጉብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ 1ተተካኢ ወዱ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቐረብ፡፡

ከሳሲት ወረ/ኻ ጉብረስላሴ ማና ጉብረማርያም፡ ከሳሲት ብመንገዲ ወኪላ ኣቢላ ተኸሰስቲ 5.2 ዳንኤል ግርማይ 5.3 የርሳሌም ግርማይ 5.4. ናትናኤል ግርማይ 5.5 ዊንታ ግርማይ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን29/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ግሎሪያ ሓይለኣብ ኣሰፋው ምግሉ ተረፋ፡ሆሳእና ሓይለኣብ ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ወ/ሮ ዮዲት ተወልደ ጉብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ፊልጶስ ርእሶም ሃብተሚካኤል ብዕለት 2/1/2022 ካብ ገዛ ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ምኻኑ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቐረብ፡፡

ኣማን ሰዒድ ዐስማን፡ ስም ኣደይ ሰላም ግርማይ ምግሉ ተረፋ፡ ሰላማዊት ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣቶ ጆርጅ ኢዶ ፊደል፡ ኣሞይ ቸቺሊያ ኢዶ ፔትሮ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ በይነይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቐረብ፡፡

መርሃዊ የውሃንስ በርሀ፡ ወለድና የውሃንስ በርሀ መሓሪን ማና ፍረዝጊ ወልደታትዮስን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣቶ ዮናስ ሄኖሪ ዐቅቢጋብር፡ ወለድና ሄኖሪ ዐቅቢጋብር ኢሳቓን ኣሸካሉ ቐሺ ኣፎርቂ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣቶ ተስፋልደት ፍስሓጼን ተስፋልደት፡ ኣሞይ ወ/ሮ ርግበ ተስፋልደት ካሕሱ ስለዝዓረፈት፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብላ ኣነ ምስ ተተካእቲ ናይ 3 ብሂወት ዘየለዉ ኣሕዋታ ሕጋውያናን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት ዝቃወም እንተሎ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ሓረጎት ፍቓዱ ጉብረቃል፡ ወለደይ ፍቓዱ ጉብረቃል ክፍለን ለተብርሃን ሃብተስላሴ ባሀታን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ሃብተስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ በራኺ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ክፍለ ጼጋይ፡ ብሕጋዊ ወኪል ትርሓስ ርእሶም ኣቢሉ፡ ኣደይ ኣብርሀት ካሕሳይ ተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሓበን ተስፋይ ዑቕቡ ምግሉ ተረፋ፡ ሓበን ተስፋማርያም ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ዛይድ የማነ ክፍሉ፡ ጓለይ ፍዮሪ በረኸት ኣብ ወልደጋብር ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋታን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ከሳሲት ርሻ የማነ ጉብረእየሱስ፡ ተኸሳሲ ናሆም ፍረዝጊ ሓጎስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ኣቤል ኣማኑኤል ሃንስ ምግሉ ተረፋ፡ ኣቤል ኣማኑኤል የሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ፊሽን ተስፋጊዮርጊስ ኣብርሃም ምግሉ ተረፋ፡ ፊሽን ተስፋጊዮርጊስ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ዘመን ብርሃ ኣስመላሽ፡ ስም ኣደይ ኣድሓኑት ሃፍታይ ኣብርሃም ምግሉ ተረፋ፡ ፍረወይኒ ማሰፍን ወንድማገኝ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ሃብተኣብ ዑቕባዝጊ ተከኤ፡ ሓወይ ተኽልየ ዑቕባዝጊ ተከኤ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

እድሪስ ዓብደላ ሰዒድ፡ ኣብ ዞ/ዓንሰባ ን/ዞባ ዒላበርዕድ ምምሕዳር ዓዲ በርበረ ብስም ማካ ማሕሙድ ዓምር ቀዋሚ ንብረት ገዛን ናጻ መሬትን ንዓይ ስለዝሃበትኒ፡ ወህቡቶ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

---

ብስም ጸሃይ ፍትዊ ተስፋይ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ደምባ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ብሎክ 107 ቁ.ገዛ 504 ዚ.ፕ 1A747 ዝርከብ መንበሪ ገዛይ ሰነድ ዋንነት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዚዩ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቁ.ቴሌፎን 07575717 ወይ 07742552 እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር መተካእታኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምኻነይ እሕብር፡፡

ጸሃይ ፍትዊ ተስፋይ

---

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ሰሩዕ ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ንዓበይቲ ካብ ዕለት 8 ሓምለ ከምኡውን ንንኣሽቱ ካብ ዕለት 13 ሓምለ ክጅምር ምኻኑ ከበስር ይፈቱ።

ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

AllianceFrançaise

Asmara - Eritrea

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

---

### ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ መካይን ምሕጻብን (Lavajo) ብኮ ጎማ ምጽጋንን

ኣሃዱ፦ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና

ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ተሽከርከርቲ ምሕጻብ ንምክያድ፡ ጎማ ምጽጋን

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ዞባ ማእከል ንዝርከብ ትካላት ጥዕና ጓብይትን ንኣሽቱን ተሽከርከርቲ (መካይን ንዓመት 2024 ኣማዒራቱ ተሽከርከርቲ ክሕጸብን፡ ብኮ ጎማ ክጸገንን ስለዝደለየ፡ ብቑዓትን ሕጋውያን ተማሪርቲ ይዕድም፡፡

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1.ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት፡ ምሕጻብ ተሽከርከርትን ምጽጋን ብኮ ጎማን ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡

2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ምሕጻብ ተሽከርከርትን ምጽጋን ብኮ ጎማን ክፉት እዩ፡፡

3. ተማሪርቲ ናይ 2019 ዓ.ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን ናይ 2022 ዓ/ም ግብሪ ከምዝኸፈሉ፡ ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መረድኢ ሰነድን ፎቶ ኮፒ መንነትን ከቕርቡ ይግባእ፡፡

4.ተማሪርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ሰዩም ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡

5. ብቑዓት ተማሪርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡

6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 25/7/2024 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተማሪርቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲን ክሳተፉ ዝደልዩ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ፡፡ ዕለት 25/7/2024 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡

7. መኽበሪ ጨረታ ዝምልስ 10.000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡

8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡

9. ሚኒስትሪ ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና

ሓ/ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁ/ቴሌፎን 125312

ምምሕዳር ጸጸራት ጎደና ደንደን ቁ.ሳ.ፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ

---


# ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ


ሓዳስ መጽሓፍ

PROBLEM SOLVER Of High School ENGLISH

ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ እንግሊዝኛ ብፍላይ ንተፈተንቲ ማትሪክ

ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ሓጺርን ንጹርን መግለጺ ኣብ ኩሎም ኣርእስትታት 9ይ፡ 10ይ፡ 11ን 12ን ክፍሊ
- ሕቶታት ምስ ሰፊሕ መግለጺታቶም
- ሕቶታት ምስ መልስታቶም
- ማትሪክ መሰል ሕቶታት




ንዝያዳ ሓበሬታ: 07121623- 07151337- 07377676

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጉዳኢ. ጉብረስላሴ ኪዳኑ ብዓልቲ ቤተይ ጸገ ጉብረንገስ ኣርኣያ ስለዘዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ረህዋ ሓሰን መንግስቱ ምግባል ተረፉ፡ ረህዋ ዘሙይ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ማካ ሓሰን መንግስቱ ምግባል ተረፉ፡ ማካ ዘሙይ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣወልከር ሓሰን መንግስቱ ምግባል ተረፉ፡ ኣወልከር ዘሙይ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወይኒ ሃብተማርያም ገብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ትኳቦ ርእሱ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 7 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ቢንያም ገብረእግዚኣብሄር ገብረትንሳኤ ምግባል ተረፉ፡ ኣብርሃም ገብረእግዚኣብሄር ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሰዒድ የሕመድ ሰዒድ ምግባል ተረፉ፡ ሰዒድ ኣሕመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ክብሮም ተስፋማርያም ወልደስላሴ፡ ስም ኣደይ ምግዘሽ ኣብራ ዘሙይ ምግባል ተረፉ፡ ርግበ ኣብራ ዘሙይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ጺጋ ወልደገብርኤል፡ ብዓል ቤተይ ም/ተለንተ ማሰፍን ጋይም ኣስገዶም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ት ሮዳስ ግርማይ ኣፈወርቂ ምግባል ተረፉ፡ ሮዳስ ኣብርሃ ባይሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣለማሽ የውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ዓንደጼን በየን ተስፋጼን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ፍሰሃ ገብረእግዚኣብሄር ኣሚኑ፡ ተኸሳሲት ለተስላሴ መሓሪ ገብረሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲ ኣቶ ገብረማሰቀል እድሪስ ዓሊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣወልከር ሰሩር ኣደም፡ ንዓኻ ዝምልከት ብመሰረት ውዕል መሸጣ ገዛ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ንግስቲ ተኽለማርያም ኣረፋይነ ምግባል ተረፉ፡ ሳሮን ተኽለማርያም ኣረፋይነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ተኽኣ ወልደገብርኤል ትኩእ፡ ብዓል ቤተይ ስምኦን ሓድጉ ሕድረማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

እሶማኤል መሓመድ ዓሊ ምግባል ተረፉ፡ እሶማኤል መ/ድ ዓሊ ስሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ክብረኣብ ተመስገን በርሀ ምግባል ተረፉ፡ ፍሊሞን ተመስገን በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣምለሰት ተስፋሂወት ግርማይ፡ ብዓል ቤተይ ኣማኒኤል ወልደሚካኤል ተኪኤ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወረደብርሃን ዘራጼን ተወልደ ምግባል ተረፉ፡ ኣሲያስ ዘራጼን ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣቶ ማሰፍን ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዓልቲ ቤተይ ጸገ ወልዳይ ወልደጋብር ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

---

ብስም ወላዲትና ፍቓዱ ኢያኣብ ቦኽረጽዮን ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ምም/02 ዞና ሓዝሓዝ ሎታ ቁ.27 ፓርሰል "ዲ" ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ብኑብረት ቁ.መዝገብ 56620 ጠቕላላ ቁጽሪ መዝገብ 93396 ብዕለት 28/08/2001 ተመዝገቡ ዋንኑ፡ ዝተረጋገጸ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳ (ደግበይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቐረብ፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣለም መሓሪ ግርማጽዮን

---

ኣነ ኣመልካቲቲ፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ ሓዝሓዝ ዚፕ ኮድ 1A157 ጎደና 157-6 ቁ.ገዛ 75 መለለዪ ASD00010563 ቁጽሪ ፓርሰል ASP00009069 ኣድራሻ ካርታ 1A157/22.F ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ 1BRASA000413 ዝፍለጥ ካብ ነፍ/ክፍላይ ወልዱ መበራህቱ፡ ናብ ስም 6 ወረስቲ ክመሓለለፍ ስለዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ እንተዘየምጺኡ፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምዃኑ ብትሕትና እሕብር።

ቅዱሳን ክፍላይ ወልዱ +5

---

ወረ/ነፍ መም.ተወልደ ተገኘ ገብረመድህን ዝተበሃልና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣኮሸውል ዚፕ 132 ፕሎት GHAD ፓርሰል 4 ጉደና ሓደሽ ዓዲ ዝርከብ፡ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 4,161 ብዕለት 07/04/2014 ብኑብረት መዝገብ ቁጽሪ 4161 ብዕለት 18/06/2014 ብስም ወላዲና ነፍ.ተወልደ ተገኘን ወ/ሮ ኮኾብ መርሃይ ቦኽረጽዮንን ተመዝገቡ ዋንኑ፡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ወላዲና ብሂወት ከሎ ምስ ወ/ሮ ኮኾብ መርሃይ ቦኽረጼን ብዘገበርዎ ምቅሊት መሰረት እቲ ብጽሒት ወላዲና ብስም ወላዲና ዋንነት ምስክር ወረቐት ክውጻእ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወረ/ነፍ መም.ተወልደ ተገኘ

---

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ንዝርከብ ሆቴላት መንግስቲ (እምባሶይራ/ ሕማሴን ንያላ፡ ሰንትራል ኣስመራ፡ ግሮሰም ቢች፡ ሬድ-ሲን ሰንትራል ሆቴል ባጽዕን) ክሳብ 31/12/24 ዝጸንሕ ቀረብ ስጋ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን እንቋቑሖን ከቕርቡ ንዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

* ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2023 መረጋገጺ ካብ ዕዳ ናጻ፡
* መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ።
* ተጫረታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ።
* ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጻሉ ግዜ ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ
(መግለጺን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ደምበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል።
*ጨረታ ድሕሪ ምዕጻዉ ቀጺሉ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10.00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ውሉድ፡ ወላዲ፡ ብዓልቲ ቤት) ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ይኽፈት።
* ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

---

ብስም መሓሪ እሲያስ መኮንን ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ጸጸራት ቁ.ገዛ 8 ዝርከብ መንበሪ ገዛይ፡ ናይ ህያብ መተሓላለፊ ሰነድ ቁጽሪ ውዕል 0112/2004 ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝብል እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ብቑ.ቴሌፎን 07242674 ክሕብረኒ። እንተዘይቀሪቡ ግና ካብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር መተካእታኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

መሓሪ እሲያስ መኮንን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ዞባ/3 ምም/06 ጎደና ገረሚ ፕሎት 15 ቁ.ፓርቸላ A ዝርከብ፡ ካብ ኮሚሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቁ/ወረቐት ምስክር 122613 መወከሲ ቁጽሪ 116425 ዋንኑ፡ ብስም መርሄታ ኣርኣያ ኣብርሃ ገብረመድህንን ወ/ሮ ሙሉ ታረቀ ተስፋይን ካብ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት 2+ ክፍሊ ገዛ (ፕሪሞን ሴኮንዶን) ሓደ ሓጋዚ ዓይኒ ምድሪ ትሕዝቶ ዘለዎ ብህያብ ካብ ወለደይ ዝተወሃበኒ ስለ ዝኾነ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡ እንተዘየለ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ምዃነይ እሕብር።

ሳህለስላሴ ኣርኣያ ኣብርሃ

---

ኣነ ኣመልካቲ ተስፋማርያም ተኪኤ ተኻሊ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ከባቢ ጸጸራት ጎደና 299-3 ስፍሓት መሬት 430.5 ት.ሜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1:004837 ብስመይ ዝተመዝገበ ምስክር ወረቐት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስለዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ኣሎኹ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝብል፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07159223 ወይ ብኣካል ቀሪቡ ክሕብረኒ። እንተዘየሎ፡ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ ምልክታይ ኣቕርብ ኣሎኹ።

ተስፋማርያም ተኪኤ ተኻሊ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 676 ቁ. ገዛ 61 ፕሎት 30 ብቁ. ምስክር ወረቐት 103351 መወከሲ ቁ108638 ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜ፡ ብስም ተቐባሊ ህያብ ናይ መካ ስሌማን ኣቶ ድሪስ ሓሰብረቢ ሊብረቶ ናይ ገዛ ኦርጂናል ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ.ሞባይል 07806637/07242029 ክረኽበኒ። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ሳዓድ ዓብደልቃደር ኣብረህ

---

ኣነ ተጋ/በረቐ ዑቕባሚካኤል ክፍላይ ዝተባሃልኩ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ኦሪጅናል ሊብረቶ ናይ ገዛ ቁ/ንብረት 1BRASM 010967 ስለዝጠፈኣኒ፣ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ሞባይል 07389413 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ተጋ/በረቐ ዑቕባሚካኤል ክፍላይ
ወኪል ወ/ሮ ለምለም ገብረእግዚብሄር በርሀ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኣዱሊስን ኣስመራ ቢራን ተዓዊተን

ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል፡ ብሉምስ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብሰለስተ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክብት ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ። ኣብዚ ዕለት ኣዱሊስን ኣስመራ በራን ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ክወስዳ ከለዋ፡ ኣልታሕረር ግን ሰለስተ ነጥቢ ክትሓፍሶሉ ትኽእል ዝበረት ግጥም ብሸኺ ብርቱዕ ዝናብ ክትክሰሮ ተገዲዳ።

ፍርቂ መዓልትን ፈረቓን ፈለማ ግጥማዝተን ዘዩዳ ኣዱሊስን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን እያን ነይረን። እዘን ክልተ ጋንታታት ኣብ መንገኣን ሓያል ተወዳዳርነት ዝበሮ ጸወታ ከርእያ ክኢለን እያን። ኩባንያ ህንጻ ሰገን ኻ ጸወታ ሽዱሽተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተጻዕሎ ካብ ሰለሙን ገብረማስቀል ቅልጥፍቲ ሸቶ ብምርካብ ቀዳማይ መራሕነት ሒዙ። ቀዳማይ 45 ደቓይቕ ናይቲ ግጥም ብመራሕነት ኩባንያ ህንጻ ሰገን 1ብ0 ክውዳእ ትጸቢት ናይ ኩሉኹ እንተዝበረ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቓይቕ ናይ ቀዳማይ እግሪ ኣዱሊስ ካብ መድሃኔ ኣብርሃ ሸቶ ስለ ዝረኸበት ክልቲኣአን ጋንታታት ንዕረፍቲ 1ብ1 እያን ወጺኦን። ኣዱሊስ ነዛ ሸቶ ቀድሚ ዕረፍቲ ምውጻኣን ክትረኽብ ምኽኣላ ኣብ ዝቕጽለ 45 ደቓይቕ ክትጠቐማ ከም እትኽእል ግምት ናይ ብዙሓት'ዩ ነይሩ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቕጽለ ጸወታ፡ ክልቲኣአን ጋንታታት መራሕነት ንምሓዝ ኣብ ሓያል ቅልስ ክኣትዋየን ተራእያን። ሕጂ ግን ኣዱሊስ'ያ ቀዲማ መራሕነት ሒዛ። ሃብቶም ክብርኣብ ኣብ ማብል 49 ደቒቕ ብዘመዝገቦ ሸቶ። ንዝኣተወታ ሸቶ ንምሕዋይ ሳዕለን ታሕትን ትብል ዝበረት ኩባንያ ህንጻ ሰገን ድሕሪ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ኣብ ማብል 78 ደቒቕ ካብ ዓወት ዑቕባይ ማዕሪ እትገብር ሸቶ ብምምዝጋብ እቲ ውጽኢት 2ብ2 ኮነ። ተጻወትቲ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ልክዕ ከም ናይ ቀድሚ ዕረፍቲ ኣብ ምወዳእ ሰዓት ልዳየም ገጥ ኪበሉ ኣይከኣሉን። ኣብ ማብል 90 ደቒቕ ኣዱሊስ ካብ ካሊድ ዓብደላ ኣጉዳሲት ሸቶ ክትረክብ ብምኽኣላ እቲ ግጥም ብዓወት ኣዱሊስ 3ብ2 ተዛዚሙ። በዚ ከኣ ኣዱሊስ ቅድምን ድሕርን ዕረፍቲ ኣብ ወዳእ ሰዓት ብዘመዝገበተን ኣገደስቲ ሸቶታት፡ ካብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ሰለስተ ነጥቢ ክትምንዝዕ ክኢላ። ኣዱሊስ ኣብዚ ናይ ሻምፕዮን ውድድር 14 ነጥቢ'ያ ኣዋህሊላ ዘላ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም፡ ንቀዳመይቲ ሸቶ ኣዱሊስ ዘመዝገበ መድሃኔ ኣብርሃ እዩ ተጻዊዑ።

ቀጺለን ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣስመራ በራ ምስ ገዛኸንዳ እያን ገጢመን። ኣስመራ በራ ሐዚዛ ዘላ ሳልሳይ ደረጃ ንምዕቃብ'ያ ናብዚ ግጥም ኣትያ። ኣብዚ ግጥም ብዘበርቶ ጻዕሪ ድማ ንጸወታ ናብ ረብሓኣ ክትቅይሮ ኣይተጸገመትን። ቀድሚ ዕረፍቲ ኣብ 10ይ ደቒቕ ናህም ዓንደብርሃን ድሕሪ ዕረፍቲ ድማ ኣብ ማብል 68 ደቒቕ መርሃዊ ጸድቕ ብዘመዝገብወን ሸቶታት 2ብ0 ተዓዊታ ወጺኣ። ኣስመራ በራ ክሳብ ሕጂ ኣካይዳቶ ብዘላ ጸወታታት 27 ነጥቢ ብምውህሃል ሳልሳይ ደረጃኣ ዓቂባ ትገዓዝ ኣላ። ብሉጽ ተጻወታይ ናይ'ዚ ግጥም፡ ናይ ኣስመራ በራ ናህም ዓንደብርሃን እዩ ተረቒሑ።

ናይ መወዳእታ ግጥም ናይዚ ዕለት፡ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መንጎ ማይተመናይን ኣልታሕረርን እዩ ተኻዩዱ። ኣልታሕረር ድሕሪ ኣስመራ በራ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተሰሪዓ ዘላ ጋንታ'ያ። ማይተመናይ'ውን ኣብ ሓሙሻይ ደረጃ'ያ ዘላ። ጸወታ ካብ መጀመርታኡ ሓያል ተወዳዳርነት'ዩ ተራእዩሉ። ኣልታሕረር ኣቐዲማ ብዘመዝገበቶን ሸቶታት ንዕረፍቲ 2ብ0 መራሒ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ግን ብሸኺ ብርቱዕ ዝናብ እቲ ጸወታ ክቕጽል ኣይከኣለን። ትማሊ ዓርቢ 5 ሓምለ ግና እቲ ዝተረፈ 45 ደቒቕ ተኻይዱ ነይሩ። 2ብ0 ተመራሒ ዝበረት ማይተመናይ፡ ካብ ኤሾን የውሃንስን ሻም ጴጥሮስን - ኣብ ማብል 65 ከምኡ'ውን 76 ደቓይቕ ብዘመዝገበቶን ሸቶታት ተመዓራርያ ነይራ። እንተኾነ፡ ኣልታሕረር ኣብ ማብል 87 ደቒቕ ብመሓዲ ኣብል ረዘ ብዘመዝገቦ ሸቶ 3ብ2 ተዓዊታ። ናይ ኣልታሕረር ኢብራሂም መሓመድ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ዚ ግጥም ተባሂሉ ተሸሊሙ። ኣልታሕረር ብ25 ነጥቢ ራብዓይ ደረጃኣ ዓቂባ።



ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ሰንበት ካብ ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ጉዳይፍ ደንደን ከኣ ምስ ኩባንያ ሰምበል ብዘካይድኦ ጸወታ ቀጺሉ ከም ዝውዕል ዝጽሓፍ ሓበሬታ ኣፍሊጡ ኣሎ። ብዘይካዚ፡ ሎሚ ቀዳም ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ በርኽ ምስ ደንደን ሰምበል ከኣ ምስ ገጀረት ጸወታኣን ከካይዳ እየን።

## ደገፍቲ ባየር ሙኒኽ ተቓውሞ የስምዑ

ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ደገፍቲ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒኽ፡ ተጻዋታይ እታ ጋንታ ማትያስ ዲ ሊኽት ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ከይሰጋገር ዝኽልክል ፈርማታት ብምኽታም ተቓውሞኦም የሰምዑ ኣለው። ዲ ሊኽት ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ምስ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒኡ ኤሪክ ተን ሃግ ክጽንበር ከም ዝደሊ ክገልጽ ጸኒሑ'ዩ። ማንቸስተር ዩናይትድ ነዚ ተጻዋታይ ብ42 ሚልዮን ፓውንድ እንተደኣ ዓዲጋቶ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውዕል ክተፈርሞ ድልውቲ ከም ዘላ ኣጺሪ'ያ። ባየር ሙኒኽ ብወገና ከም ሙተካእታ ዲ ሊኽት ንተጻዋታይ ባየር ለቨርኩሰን ጆናታን ታህ ሐዚዛቶ ከም ዘላ ይፍለጥ። ይኹን'ምበር፡ ደገፍቲ ናይዛ ጀርመናዊት ክለብ ምሻጥ ናይ ዲ ሊኽት ኮጣዕሶም ከም ዘኽእል ብምግንዛብ ኻና ብእዋኑ ተቓውሞኦም የሰምዑ ኣለው። ኣብ ሓደ ምሸት 14 ሽሕ ደገፍቲ ሙኒኽ ንመሰርሕ ምስግጋር ዲ ሊኽት ዝቃወም ፈርማ ከቲሞም ከም ዘለዉ'የን ማዕከናት ዜና ስፖርት ጀርመን ዝሕብራ። እቲ ተጻዋታይ ኣብ ዓመተ 2022/2023 ብሉጽ ተጻዋታይ ባየር ሙኒኽ ኮይኑ ከም ዝተረቐሐ ኣይርሳዕን። ገለ ገለ ወገናት ግና ወዲ 24 ዓመት ብምህላዉ ሙኒኽ ክትጥቀመሉ እንተትኽእል ምሓሸ ዝብል ርእይቶ የፍስሱ ኣለው። ወዲ 19 ዓመት ኣብ ዝበረሉ ንኢያክስ ኣምስተርዳም ከም ሓሊቓ ጋንታ ኮይኑ ክሳብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዘበጽሓ ዲ ሊኽት፡ ቋንቋታት እንግሊዝ ጀርመንን ሆላንድን ከም ዝመልኽ'ዩ ዝንገረሉ። ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ዘሎ ኤሪክ ተን ሃግ ኣብ 2018 ኣብ ኢያክስ ኣብ ዝበረሉ፡ ነዚ ተጻዋታይ ኣብ ታሪኽ እታ ጋንታ ዝኣሰ ሓሊቓ ጋንታ ክኾውን ዕድል ከም ዝሃቦ ኣይርሳዕን። ዲ ሊኽት ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ተን ሃግ ከሎ ዘውዲ ሻምፕዮን ክለባት ሆላንድን ዋንጫ ከይ ኤን ቪ ቢን ከም ዝዕተረ ሰዓት የረድኡ። ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ'ውን ብሓባር'የም በጺሖም ነይሮም። ኣብ ክረምት ናይቲ ዓመት ዲ ሊኽት ምስ ኢጣልያዊት ክለብ ጁቨንቱስ ክጻወት ድሕሪ ምፍራሙ ኣብ 2022 ከኣ ብ68 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ባየር ሙኒኽ ተሰጋጊሩ። ማልያ ባየር ሙኒኽ ወደዩ ኣብ ዝተጻወተለን 73 ግጥማት ከኣ እታ ጋንታ ዋንጫ ቡንደስሊጋን ጀርማን ሱፐር ካፕን ክትዓትር መሪሕ ተራ ካብ ዝተጻወቱ'ዩ ነይሩ። ዲ ሊኽት ናብ ኦልድ ትራፎርድ እንተደኣ መጺኡ ኣብ ኢያክስ መጻወትቱ ንዝበሩ ኣንቶኒ፡ ዶኒ ቫን ዲ በክ፡ ክሪስቲያን ኤሪክሰን፡ ሊሳንድሮ ማርቲነዝን ኣንድሬ ኦናናን ደጊሙ ክረኽቦም'ዩ። ዩናይትድ ኣብ ማስመር ምክልኻላ ደሮ ንራፋኤል ቫራን ከም ዝኸሰረቶ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ቪክቶር ሊንደሊፍ'ውን መጺኡ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ኣጠራጣሪ'ዩ ዘሎ።



## ተን ሃግ ሓድሽ ውዕል ፈሪሙ

እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ውዕል ኣሰልጣኒኣ ኤሪክ ተን ሃግ ንሓደ ዓመት ከም ዘናውሓቶ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ እታ ጋንታ ኣፍሊጡ። እቲ መዘኑ ኣብ ሰንከፍ ዝጸንሐ ኣሰልጣኒ ድማ ክሳብ 2026 ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ክጸንሕ ምኻኑ ተረጋጊጹ ኣሎ። ኤሪክ ተን ሃግ ኣብ 2022 ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ክሳብ 2025 ዝጸንሖ ውዕል ፈሪሙ ከም ዝበረ ኣይርሳዕን። ካብ ኢያክስ ኣምስተርዳም ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝመጸ ኤሪክ ተን ሃግ፡ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ካብ ዝመጸእ ክልተ ዋናጩ ከም ዝዕተረ ሰዓት ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ የረድኡ። ዚ ሓድሽ ውዕል ድሕሪ ምፍራሙ ተን ሃግ "ኣብ ሓደ ስምምዕ ክንበጽሕ ምኽኣልና ሕጉሰ'የ። ዋላ'ኳ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ክልተ ዋናጩ እንተወሰድና፡ ኻና ከቢድ ስራሕ ይጸብየና ከም ዘሎ ግን እርዳእ" ክብል ተዛሪቡ። ዩናይትድ ኣብ ግጥም ካራባኦ ካፕ ንኒውካስል ረቲዓ ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ዋንጫ ክትወስድ ዝኽኣለ ተን ሃግ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ኒታ ጋንታ ኣብ መሳርዕ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ሳልሳይ ደረጃ ክትሕዝ ኣኽኢልዋ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ካልኣይ ዓመቱ ኒታ ጋንታ ኣብ ሻሙናይ ደረጃ ከቓምጣ ከሎ፡ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ከኣ ካብ ናይ ምድብ ጸወታ ክሕልፋ ኣይከኣለን። ኤሪክ ተን ሃግ ኣብ ወርሒ ግንቦት ናይዚ ዓመት ኣብ ግጥም ፍጻመ ኤፍ ኤ ካፕ ንሻምፕዮን ክለባት ፕሪመር ሊግ ማንቸስተር ሲቲ ድሕሪ ምርታዕ፡ ዚ ሕጂ ዝሽተሞ ዕድል ክረክብ ከም ዝኽኣለ'የም ምስ ኦልድ ትራፎርድ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ። ድሕሪ'ዚ ናይ ወርሒ ግንቦት ናይ ዋንጫለይ ዓወት፡ ሓለፍቲ ማንቸስተር ዩናይትድ ንተራ ናይቲ ኣሰልጣኒ ኣብ ምጽናዕ ከም ዝተጸምዱ'ውን ክግለጽ ጸኒሑ'ዩ። 27.7% ብርኪ ናይታ ጋንታ ዝውንን ሰር ጂም ራትክሊፍ፡ እዚ ሓድሽ ውዕል ንኽፍጸም መሪሕ ተራ ከም ዝተጻወተ ይንገር። ሓለፍቲ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣብዚ እዋን ሓደሽቲ ኣባላት ቦርድ ምስልጣን ንምምሓዝ ኣብ ምዝርራብ ከም ዝርከቡ'ዩ ዝገለጽ። ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ሩድ ቫን ኒስተርሎይ፡ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ክምለሱ ካብ ዝኽእሉ ኣሰልጠንቲ ምኻኑ'ዩ ዝግለጽ። ኒስተርሎይ ካብ 2022 ክሳብ 2023 ኣብ ፒኤስቪ ኤንዶሆቨን ክሰርሕ ከም ዝጸንሐ ኣይርሳዕን።





### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ኤውሮጳ

እንግሊዝ ምስ ስዊዘርላንድ ሰዓት 7፡00 ምሸት

ሆላንድ ምስ ቱርኪ ሰዓት 10፡00 ምሸት

## ኣርሰናል ንራያ ብቐዋሚ ኣፈሪማቶ

ኣርሰናል ኑቲ ብመልክዕ ልቓሕ ካብ ብረንትፎርድ ኣምጺኣ ክትጥቀመሉ ዝጸንሐት ሓላዊ ልዳት ዳቪድ ራያ ብቐዋሚ ከም ዘፈረመቶ መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ኣፍሊጡ። ኣርሰናል ዚ ዝሓለፈ ዓመት መሳጢ ብቐዓት ከም ጋንታኡ ድሕሪ 14 ዓመታት ንፈለማ ግዜ ናብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክትሓልፍ መሪሕ ተራ ከም ዝተጻወተ'ዩ ዝእመነሉ። ኣብዚ እዋን ምስ ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ተጸሚዱ ዘሎ ራያ፡ ኣብ ዘርእዮ ዝኣመነትሉ ሓላዊ ልዳት ብ27 ሚልዮን ፓውንድ'ያ ኣብ ኢምሬትስ ብቐዋሚ ክጻወት ወዲኣትሉ ዘላ። ስጳኛዊ ዳቪድ ራያ ንኣርባዕተ ዓመት ዝጸንሕ ውዕል'ዩ ምስ ኣርሰናል ፈሪሙ ዘሎ። ራያ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ብመልክዕ ልቓሕ ምስ ኣርሰናል ኣብ ዝተጻወተለን 41 ዝተፈላለያ ግጥማት፡ ኣብ 20 ጸወታታት ሸቶ ዝበሃል ከይተመዝገቦ'ዩ ወጺኡ። በዚ ከኣ እቲ ሓላዊ ልዳት፡ ዝሓለፈ ዓመት ሽልማት ብሉጽ ሓላዊ ልዳት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ክወስድ በቒዑ'ዩ። ራያ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣርሰናል ምስ ፖርቶ ኣብ ዝገጠመትሉ፡ ክልተ ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕትታት ብምድሓን ወርሒ መስከረም ናይ ዝሓለፈ ዓመት ንቦታ ቀዳማይ ሓላዊ ልዳት ኣርሰናል ኣሮን ራምስደል ድሕሪ ምምንጣሉ ካብ መዝኑ ከይወረደ'ዩ ክቕጽል ጸኒሑ። ራያ ብቐዋሚ ኣብ ኢምሬትስ ክጸንሕ ድሕሪ ምስምማዑ "እቲ ዝሓለፈ ዝበርኩ'የ ረኺበ፡ ንኹሉም እዚ ክውን ንክኸውን ዝጻዓሩ የመስግን። ድሕሪ ደገም ጋርስ ኮይነ ኣለኹ" ክብል ተዛሪቡ። ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ስጳኛዊ ሚኬል ኣርቴታ ብወገኑ ዚ ሓደ ካብ ጸለውቲ ተጻወትቱ ምኻኑ ዝኣመኖ ሓላዊ ልዳት ብቐዋሚ ክፈርሞ ምኽኣሉ ከም ዘሐጎሶ ብምግላጽ፡ ዝመጽእ ዓመተ ስፖርት ዝያዳ ሓይሉ ከም ዝቕርብ እምነቱ ገሊጹ።



# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሩስያ፡ ተኽልኪሎም ዝጸንሑ ሚሳይላት ንምፍራይ ትዳሎ

ኢንዱስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ ብውዕል ተኽልኪሎም ዝጸንሑ ናይ ማእከላይን ሓጺርን ርሕቀት ሚሳይላት ንምፍራይ ተዳልዩ ከምዝሎ፡ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ዝ.ዝሓለፈ ሰሙን ዝሓለፈ ሓሙስ ድሕሪ ምዝዛም ዋዕላ 'ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንግሃይ' ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ከም ዝበሎ፡ ኣመሪካ ነቲ ውዕል ስለዝፍረሰቶ - ሩስያ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክትወስድ ከምእተገደደት ኣፍሊጡ።

"ኣመሪካ ካብቲ ውዕል ብምስሓብ ክልኩላት ሚሳይላት ምፍራይ ጀሚራ ኣላ። ንሕና'ውን ነዞም ክልኩላት ኩይናም ዝጸንሑ ሚሳይላት ንምፍራይ ተዳሊና ኣለና" ክብል ደማ ገሊጹ።

ኣመሪካን ሕብረትሶቭየትን ነቲ ኣብ መንጎኦን ዝነበረ ከቢድ ወተሃደራዊ ምፍጣጥ ናብ ንቕሎሳዊ ወግእ ከየምርሕ ንምዕጋት፡ ኣብ 1987 ብውዕል ዘይምፍራይ ናይ ማእከላይ ርሕቀት ንቕሎሳዊ ኣጽዋር (INF) ዝፍለጥ ስምምዕ ከምዝተኸተማ ይፍለጥ።

በቲ ውዕል መሰረት ድማ፡ ካብ መሬት እናተተኩሱ ካብ 500 ክሳብ 5,500 ኪ.ሜ ዝጓዓዙ ክራዝን ባለስቲካውን ሚሳይላት ከየፍርያን ከይጥቀማን ተኽልኪለን ጸኒሐን።

ይኹን'ምበር፡ ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ፡ "ሩስያ ነቲ ውዕል ጥሒሳቶ ኣላ" ብዝብል ክሲ - ኣብ 2019 ንኣመሪካ ካብቲ ውዕል ከምዝወጽኣ ይዝከር።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣቐዲሙ ኣብ እዋን ኣኼባ ሃገራዊ ቤትምኽሪ ጸጥታ ሩስያ ኣብ ዘሰምዖ መግለጺ'ውን፡ "ኣመሪካ ነዞም ሚሳይላት ተፍርዮም ኣላ ጥራሕ ዘይኮነ - ብመንገዲ ዴንማርክ ኣቢላ እንተላይ ናብ ኤውሮጳ ኣምጺኣቶም ኣላ" ድሕሪ ምባሉ፡ ዝ.ተጻብኦ ዝበሎ ስጉምቲ ምላሽ ንምሃብ - ሩስያ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክትወስድ ከምእትኽእል ኣተንቢሁ ነይሩ።



## ኔቶ፡ ፈረንሳ ኣባልነታ ከይትስሕብ ሰጊኡ



ፈረንሳ፡ ካብ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ከይትስሕብ - ኣብ መራሕቲ ናይ'ቲ ኪዳን ዝጸንሐ ስግኣት እናዓበየ ይመጽእ ከምዘሎ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ ዘሎ፡ ኣብ ፈረንሳ ሕሉፍ የመናዊ ፖለቲካዊ ሱሩሕሳብ ዝኽተል 'ሃገራዊ ጉባኤ' (RN) ዝተባህለ ሰልፊ፡ ኣብቲ ዝተገብረ ባይቶኣዊ ምርጫ ዝበዝሐ መናብር ብምርካብ ናብ ስልጣን ክድይብ ከምዝኽእል ብሰፊሑ ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣብ ቀዳማይ ዙር ናይቲ ምርጫ፡ ነቲ ብፕረዚደንት ኤማኑኤል ማክሮን ዝምራሕ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ በሊጹ 33% ድምጺ ረኺቡ ዘሎ ሰልፊ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ናብ ስልጣን እንተደየቡ ንኣባልነት ፈረንሳ ኣብቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ይኹን ንወተሃደራዊ ሓገዝ ዩክሬን ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትዎ ምዃኑ'ዩ ብተደጋጋሚ ዝገልጽ ዘሎ።

'ኤውራክቲቭ' ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኤውሮጳ፡ መንነቶም ዘይጠቐሶም ሲፐሎማሲያውያን ምዕራብ ብምጥቃስ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዘርገሖ ጸብጻብ፡ ሰልፊ ሃገራዊ ጉባኤ ናብ ስልጣን እንተደየበ፡ ፈረንሳ ካብቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ክትስሕበን ንዩክሬን እትምጥዎ ዘላ ወተሃደራዊ ሓገዝ ደው ከተብሎን ከምእትኽእል ኣጠንቂቑ።

ፈረንሳ ዋላ'ኳ ሓንቲ ካብተን ኔቶ ዝመስረታ 12 ሃገራት እንተኾነት፡ ብውሳነ ፕረዚደንት ቻርለስ ደጎል ካብ ጥምር ወተሃደራዊ እዚ ናይ'ቲ ኪዳን ወጺኣ ከምዝነበረት፡ ኣብ 2009 ድማ ነቲ ውሳነ ሰሪዛ እንደገና ናብ'ቲ ጥምር ወተሃደራዊ እዚ ከምእተመለሰት፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰልፊ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኣብቲ ጽባሕ 7 ሓምለ ዝካየድ ካልኣይ ዙር ባይቶኣዊ ምርጫ ፈረንሳ ደጊሙ ክዕወት እሞ - ኣብ ሃገራዊ ፓርላማ ፈረንሳ ክሳብ 280 መናብር ክበሓት ትጽቢት ከምዘሎዎ እዩ ዝገልጽ።

## ብሪጣንያ - ሰልፊ ዕዮ ድሕሪ 14 ዓመት ናብ ስልጣን ተመሊሱ

ኣብ ብሪጣንያ ዝሓለፈ 4 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ምርጫ፡ ን14 ዓመታት ስልጣን ብሒቱ ዝጸንሐ ዓቃባዊ ሰልፊ ከምእተሳዕረ ተገሊጹ።

ሰልፊ ዕዮ ድማ፡ ኣብቲ ምርጫ ብጠፊሕ ድምጺ ብልጫ ብምዕዋቱ፡ ድሕሪ 14 ዓመታት ናብ ስልጣን ክምለስ ክኢሉ ኣሎ።

መራሒ ናይ'ቲ ሰልፊ ሰር ኪር ስታመር፡ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ብምዃን ሓድሽ መንግስቲ ንምቛም ይዳሎ ከምዘሎ ተፈሊጡ።

ሰልፊ ዕዮ፡ ኣብቲ ምርጫ ካብ 650 መናብር ባይቶ ብሪጣንያ - 412 መናብር ክረክብ እንከሎ፡ ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ዓቃባዊ ሰልፊ ድማ - 120 መናብር ጥራሕ ከምዝወሓሰ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

እዚ ማለት፡ ሰልፊ ዕዮ ካብ 2019 ንድሓር - 211 ተወሰኽቲ መናብር ክረክብ እንከሎ፡ ዓቃባዊ ሰልፊ ብኣንጻሩ - 250 መናብር ከምዝኸሰረ፡ ጸብጻባት ዜና የረድኡ።

ወዲ 61 ዓመት ሰር ኪር ስታመር፡ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጹ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንታ "ዓንያ ጸሓ' ዝበላ ብሪጣንያ ዳግም ክሃንጻ ምዃኑ መዲሩ ኣሎ።



## ብራዚል - ቦልሶናሮ ካብ ሰዑድያ ብዝተበርከተሉ ህያባት ተኸሲሱ

ፌደራል ፖሊስ ብራዚል፡ ንፕረዚደንት እታ ሃገር ዝነበረ ጀየር ቦልሶናሮ ብገበን ከምዝኸሰሶ ኣፍሊጡ።

ሮይተርስ ንኽልተ ምንጪታት ፖሊስ ብምጥቃስ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ፕረዚደንት-ነበር ቀሪቡሉ ዘሎ ክሲ፡ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን 'ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ብምኽያድ ኣታዊታት ኣኻዕቢቱ፡ ካብ መንግስቲ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዝተቐበሎ ናይ መጓዚ ህያባት ቀረጽ ከይከፈለሉ ኣብ ዕዳጋ ክሸጦ ጸኒሑ' ዝብል እዩ።

ፖሊስ ብራዚል ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት'ውን፡ "ናይ ክታበት ኮቪድ-19 ምስክር-ወረቐትካ ሰሪሕካ" ክብል ነቲ ወዲ 69 ዓመት መራሒ ሃገር-ነበር ከሲሱዎ ከምዝነበረ ይዝከር።

ሮይተርስ ከምዝሕብሮ፡ ቦልሶናሮ ካብ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዝተቐበሎ ውልቃዊ ህያባት - ብጠቕላላ ዋጋ 3.2 ሚልዮን ዶላር ኩይኑ፡ ብደሃብ ዝተሰርሐ ናይ ክሳድ ሰልሚት፡ ወርቃውያን ናይ ኢድ ሰዓትን ካልእን ዘጠቓልል እዩ።

ቦልሶናሮ ናይ ስዑዲያ ዑደቱ ዛዚሙ ናብ ሃገሩ ኣብ ዝተመልሰሉ እዋን፡ ገለ ካብቲ ዝተበርከተሉ ናይ መጓዚ ስልማታት ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ሳኦ-ፓውሎ ብሰበ-መዚ ግምሩክ ከምእተታሕዘ እውን ይግለጽ እዩ።

ፖሊስ ብራዚል ዝሓለፈ ኑሓስ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኩሎም ዜጋታት ብራዚል ካብ መገሻ ብነፈርቲ ኣብ ዝምለሱሉ እዋን፡ ልዕሊ ሽሕ ዶላር ከውጽእ ዝኽእል ንብረት ምስ ዝሓዙ ምስ ሰበ-መዚ ግምሩክ ከፍልጡን 50% ቀረጽ ክኸፍሉሉን ዘገድድ ሕጊ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ቦልሶናሮ ግን - ነቲ ኣብ 2019 ካብ መንግስቲ ስዑዲያ ዝተቐበሎ ህያባት ቀረጽ ከይከፈለ ኣብ ዕዳጋ ክሸጦ ከምእተረኽበ ገሊጹ ነይሩ።



ፖሊስ ብራዚል፡ ንኻልኦት 10 ሰባ ስልጣን ነበር እውን ብተመሳሳሊ ተግባር ከሲሱዎም ከምዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ይጠቅስ።

## ሕዝቦላህ፡ 500,000 ሚሳይል ናብ እስራኤል ክውንጭፍ ከምዝኽእል የጠንቅቕ

ኣብ ሊባኖስ ዝንቀሳቐስ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ጨናፍር ዘለዎ ውድብ ሕዝቦላህ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ኩናት እንተደኣ ተወሊዑ፡ ክሳብ 500,000 (ፍርቂ ሚልዮን) ዝኸውን ሚሳይላት ናብ እስራኤል ክትኩስ ድሉው ከምዘሎ ኣጠንቂቑ።

ላዕለዋይ መፍቲ ሺዓ ሊባኖስ ሸኽ ኣሕመድ ቃባላንን ዋና-ጸሓፊ ሕዝቦላሕ ሳይድ ሓሰን ነስረላህን ብሓባር ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ሕዝቦላህ ክንድ'ዚኣም ዝኣኽእሉ ሚሳይላት ናብ እስራኤል እንተ ተኲሱ፡ እታ ጸየናዊት ሃገር 10ታት ዓመታት ንድሕሪት ዝመልሳ ከቢድ ዕንወት ከጋጥማ ምዃኑ ገሊጾም።

"ህዝቦላህ ዓጢቑዎ ዘሎ ኣጽዋር ብዘሐ. ጥራይ ኣይኮነን ዘለዎ፤ ኣዝዩ ዝተራቐቐ እውን እዩ" ዝበሉ እቶም መራሕቲ፡ እቲ ምስ እስራኤል ክውላዕ ዝኽእል ኩናት መወዳእታኡ - ናብ ረቡዓ ሕዝቦላህን ሊባኖስን ክቕየር ምዃኑ ኣተሓሳሲቦም።

ሓያለ ወገናት፡ እቲ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ብውሕዱ 150 ሽሕ ሚሳይላትን ሮኬታትን ከምዘለዎ ድማ ልዕሊ 100 ሽሕ ወተሃደራት ከምዘለውዎ ይሕብሩ።

ኣብ 2006 ምስ'ቲ ምንቅስቓስ ኩናት ገጢማ ከቢድ ክሳራ ከምዝጋጠማ ዝነገረላ እስራኤል ብወገና፡ ሕዝቦላህ ዓመታዊ ክሳብ 700 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዝ ካብ ኢራን ከምዝምጠወሉ፡ ገለ ካብቲ ዓጢቑዎ ዘሎ ሚሳይላት ድማ - ክሳብ 5 ኩንታል ዝኸብደቱ ተተኳሲ ቦምብ ናይ ምሽካም ዓቕሚ ከምዘለዎ ትገልጽ።

እስራኤል ኣብዚ ሰሙንዚ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ብዘሬጸመቶ መጥቃዕቲ፡ ንሓደ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ሕዝቦላህ ድሕሪ ምቕታላ፡ ሕዝቦላህ ዝሓለፈ ሓሙስ ልዕሊ 200 ሮኬታትን ድሮናትን ናብ ሰሜናዊ ክፋል እስራኤል ብምውንጫፍ ግብረ-መልሲ ከምዝሃበ፡ ጸብጻባት ዜና ይሕብሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሺያ ጅዳ | 06/07/2024 | ጎደና ሰጋለት ቀጣን ቁ.6፡ (ሺያ ጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services